# ካንቶን ፍሪቡርግ እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም ይብለኩም

ትግርኛ/Tigrigna/Tigrinisch

ETAT DE FRIBOURG
STAAT FREIBURG

**Bureau de l'intégration des migrant-e-s et de la prévention du racisme** IMR
**Fachstelle für die Integration der MigrantInnen und für Rassismusprävention** IMR

**ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን**



# ትሕዝቶ


1. **መእተዊ** 7

2. **አጠቓቕማ ናይ’ዚ መጽሄት** 9

3. **«ብሓባር ምንባር» ነበርቲ ፍሪቡርግ** 11
   ዞባ፡ ንኡስ ዞባ፡ ምምሕዳር
   ወግዓዊ ቋንቋታት
   ዜጋታት ወጻኢ
   ምዉህሃድ ንዜጋታት ወጻኢ

4. **ናብ ካንቶን ምስ መጻኹም** 15
   ምምጻኹም ምሕባር
   ኣብ ኮሚዩን ዝርከቡ ሓበሬታታት
   «ፍሪቡርግ ፑር ቱስ» (ሓበሬታታት መወከሲ ቦታ)
   ምክትታል መራኸቢ ብዙሓን

5. **መሰላትን ግቡኣትን** 17
   አገደስቲ መሰረታዊ ዕላማ
   መሰላት ናይ ወጻኢ ዜጋታት (ስደተኛታት ዘይኮኑ)
   መሰላት ናይ ስደተኛታት ጉዳያት ዝምልከት
   መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት
   ኣፈላላይ ዘይምህላው (ብዘይ ኣድልዎ)

6. **መረዳድኢ** 21
   ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳን አልሞን
   አብ ግዜ ክረምቲ ንናይ ወጻእተኛታት ቋንቋ ተዛረብቲ ቆልዑት ዝወሃብ ትምህርቲ
   ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንመንእሰያት ወጻእተኛታት
   ምልምማድ ትምህርቲ ንምንባብን ምጽሓፍን
   ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ስዊዝ አልሞ
   ተወሰኽቲ ሓበሬታታት

7. **መንበሪ ኣባይቲ** 25

ኣደላልያ መንበሪ ገዛ

ግብሪ ናይ ራድዮን ተሌቭዥንን

ናብራ ኣብ መንበሪ ህንጻታት

8. **መጓዓዝያን መንቀሳቐሲታትን** 29

ህዝባዊ መጓዓዝያ

መንቀሳቐሲታት ብዘይነዳዲ፣ ብሽክለታን ኣጋርን

መካይን

ምምራሕ ተሽከርከርቲ ኣብ ስዊዝ

9. **ስራሕ** 33

ምድላይ ስራሕ

ደሞዝን፣ ማህበራዊ መዋጽኦን

ግብሪ

ሓገዝ ንምቁጽጻር ገንዘብ ኣታውን ወጻእን (ባጀት)

ማሕበራዊ መድሕን

መድሕን ስራሕ ኣልቦ

ማሕበራዊ ሓገዝ

ዘይምስምማዕ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ

ምክልኻል ካብ ስራሕ ምስጓግ

ስራሕ ብጸሊም

10. **ጥዕና** 41

መድሕን ናይ ጥዕናን መድሕን ናይ ሓደጋታት (ግዴታዊ)

ሓካይም

ህጹጽ ሕክምና

ሕክምና ኣስናን

ሕጹጽ ሕክምና ኣስናን

ጥዕና ስነ-ኣእምሮ

ኣረጋዉያን

ኣካለ ጎደሎ ሰባት

ማእከል ጾታዊ ጥዕና ፍሪቡርግ

| | | |
|---|---|---|
| 11. | **ካርታ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግን ቁጽሪ ስልኪ ናይ ህጹጽ ኩነታትን (urgence)** | 49 |
| 12. | **መርዓን ናብራ ስድራቤትን** | 53 |
| | መርዓ | |
| | ዝተመዝገቡ መጻመድቲ | |
| | ምውላድ | |
| | ሓገዝ ናይ ገንዘብን ዕረፍትን ንሓራስ | |
| | ሓገዝ ናይ ገንዘብ ንስድራቤት | |
| | መሰል ቆልዑትን መንእሰያትን | |
| | ጸገም ዘለዎም ሰብ ሓዳርን ስድራቤትን | |
| | ምትህርራምን ምጽርራፍን ኣብ ሞንጎ ስድራቤት | |
| | ግዱድ መርዓ | |
| 13. | **ትምህርትን ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ** | 61 |
| | ሓላፍነት ወለዲ | |
| | ተሓዝቲ ቆልዑትን መጽንሒ ንቆልዑት ድሕሪ ትምህርቲ | |
| | መዋእለ ህጻናት (ካብ 4 ዓመት ንላዕሊ 1H-2H) | |
| | መባእታ ቤት ትምህርቲ (ካብ 6 ዓመት ንላዕሊ 3H-8H) | |
| | ማእከላይ ቤት ትምህርቲ - መመደቢ ክፍሊታት (ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ 9H-11H) | |
| | መምርሒታት ትምህርትን ሞያን | |
| | ተማሃሮ ወጻእተኛን ተመሃሮ ቋንቋ ኣዲኦም ዘይኮነ | |
| 14. | **ሞያዊ ትምህርትን ኣብ ሓደ ሞያ ዘተኮረ ፍሉይ ትምህርትን (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ)** | 67 |
| | ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ትካላት (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ) | |
| | ካብ ካልእ ሃገራት ዝመጹ መንእሰያትን ንዓቕመ - ኣዳም ዝበጽሑ | |
| | ላዕላዋይ ቤት ትምህርቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ) | |
| | ዝለዓለ ትምህርቲ | |
| | ሓገዝ ናይ ገንዘብ ንትምህርትን ንስልጠናዊ ትምህርቲ | |
| | መረጋገጺ ዲፕሎምን ናይ ምስክር ወረቐት | |
| | ትምህርቲ ንመንእሰያትን ቀጻሊ ትምህርትን | |

15. **ሓለዋ ባህርያዊ ተፈጥሮ** 73
ዝተዓቀበ ባህርያዊ ተፍጥሮኣዊ ሃብቲ
ምክንኻን ቅርጺ መሬት
ህዝባዊ ቦታታት ምኽባር
ንጎሓፍ ብዑደት መልክዕ ዳግማይ ምጥቃምን ምምስራሕን
ዳግማይ ንምምስራሕ ዘይከኣሉ ጎሓፋት

16. **ተሳትፎ ኣብ ማሕበራትን ማሕበራዊ ህይወትን** 77
ዓበይቲ በዓላት ናይ ፍሪቡርግ
ባህላዊን ስፖርታውን ህይወት
ናይ እግሪ ጉዕዞ
ማሕበራዊ ህይወት
ሃይማኖታዊ ህይወት

17. **ናይ ዜጋታትን ተቐማጦን ፖለቲካዊ ህይወት** 83
ቀጥታዊ ዴሞክራሲ
ኣካላት ፖለቲከኛታት
ሰለስተ ናይ ስልጣን ደርብታት
ፍትሒ ናይ ፍሪቡርግን ስዊስን
ፖለቲካዊ መሰላት ንወጻእተኛታት
ካልኦት መንገድታት ፖለቲካዊ ተሳትፎ
ዜግነት ስዊስ

18. **ጠቐምቲ ዝርዝር ኣድራሻታት** 88

# 1. መእተዊ

**እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም Bienvenue/Herzlich willkommen!**

ናብ ካንቶን ፍሪቡርግ ንምንባር ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝመጻእኩም ኩልኹም፥ ብስም ኣመሓደርቲ ናይ ካንቶናልን ከምኡ'ውን ብስም ተቐማጦ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ እንቋዕ ደሓን መጻእኹም እብለኩም።

እዚ መጽሔት ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ብዛዕባ ኣሰራርሓ ናይ መንግስታውን ዘይ መግስታውን ትካላት ወይ ቤት ጽሕፈታት ኣብ ካንቶንና ይገልጸልኩም። ከምኡ'ውን ኣብ መጀመርታ ዝመጻእኹሙሉ ግዝያት ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።

ካንቶን ፍሪቡርግ፥ ናይ ፈረንሳ ቋንቋ ተዛረብትን ናይ ጀርመን ቋንቋ ተዛረብቲ ስዊሳውያን ብተወሳኺ'ውን ኣብ መንጎ ባህልን ኣተሓሳስባን፥ ኣብ መንጎ ገጠራትን ከተማታትን ከም ሓደ ቢንቶ ኮይኑ ክፍለጥ ይደልይ። ካንቶን ፍሪቡርግ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣለዎ። ካብቶም ብዝሒ ህዝቢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኹ ዝመጹን፣ መንእሰያት ብብዝሒ ካብ ዝቕመጡሎምን ካንቶናት ሓደ ኢዩ። ስለዚ ንነፍሲ ወከፍ ነባሪ ኣብ ውልቃዊ፥ ሞያዊ፥ ማሕበራዊ፥ ባህላዊ ማዕረ ዕድላት ንምሃብ ቡዙሕ ጻዕርታት ይገብር።

ምምሕዳር ፍሪቡርግ፥ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ምህላውን፥ ጽፉፍ ህዝባዊ ኣገልግሎት ንምሃብ፥ ስራሕ ንምፍጣር ከምኡ'ውን ትሕተ-ቅርጺ ንምዕባይ ቡዙሕ ንጥፈታት ይገብር ። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ወለዶታት፥ ኣብ መንጎ ቡዙሕ ዕድላት ዘለዎምን ዘይብሎምን ሰባት፥ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ መበቆል ዘለዎም፥ ብሓፈሻ ዝኾነ ፍልልይ ዘለዎም ሰባት ብሓድነት ተሰማሚዖም ንኽነብሩ ባእታታት ይፈጥር።

ሓቢርካ ንምንባር፣ ካንቶንና ዓቢ ኣበርክቶ ዝገብራ ማሕበራትን ማሕበራዊ ሕይወትን ኣለዎ። ስለዚ ንኽትፍትሹዎን ከምኡ’ውን ንኽትሳተፉ ንላበወኩም። ነዚ ሓድነት ክህልወና ናይ ነፍሲ ወከፍና ሓላፍነት ኢዩ። ምስ ኩሉ ሕብረተሰብ ምሕዋስ እቲ ዝበለጸ ናይ ምውህሃድ (ኢንተግራሲዮን) መገዲ ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ ቡዙሕ ክትፈልጡን ጽቡቕ ሌላን ይምነየልኩም።

ሞሪስ ሮፕራ (Maurice Ropraz)
ኮንሰዬ ደ’ ኤታ (Conseiller d’Etat/Staatsrat)

# 2. ኣጠቓቕማ ናይ’ዚ መጽሄት

ኣብ'ዚ ዓዲ ምስመጻእኹም ብዙሕ ሕቶታት ክህልዎኩም ይኽእል'ዩ። እዚ መጽሔት ዕላምኡ ብሓፈሻ ሓበሬታ ንክትረኽቡን ብቐሊሉ ኽትወሃሃዱ (ኢንተግሬት) ንኽትገብሩ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ሒዙ ቀሪቡልኩም ኣሎ። ዝበለጸ ዝርዝር ሓበሬታ እንድሕር ደሊኹም ናብቲ ትነብሩሉ ኮሚዩን ወይ ከኣ ነቲ ጉዳይኩም ዝምልከቶ ኣካል ከምኡ'ውን ብቀስቲ ዝተጠቕሱ ውድባት ብኣካል ኬድኩም ዝበለጸ ሓበሬታ ትረኽቡ። ኣድራሻን ቁጽሪ ስልክን ናይ ኩሎም ውድባት ብቀደም ተኸተል ወይ ከኣ ሓበሬታ ዝርዝር ኣብ ናይ'ዚ ሰነድ መወዳእታ ይርከብ። ብተወሳኺ ምስ ጎረባብትኹም፣ ኣብስራሕ ቦታ፣ ኣብ ትነብሩሉ ከባቢ፣ ብዝያዳ ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም ኣብ ተሕልፉሉ ቦታታት ንኣብነት ስፖርት፣ ሲነማ፣ መዘናግዒ ማእከላት ወዘተ ምስ ትረኽብዎም ሰባት ብምዝርራብ ጠቓሚ ሓበሬታ ትረኽቡ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ መጽሔት ትርከብ (ምስዚ መጽሔት ዘይተላገበት ፊልዮ) ካርታ ናይ ፍሪቡርግ ከተማን ኣብ ህጹጽ ግዜ ኣገደስቲ ቁጽሪ ቴሌፎናት ከምኡውን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ሒዛ ትርከብ። እቲ ዝበዝሐ ናይ ኢንትርኔት ኣድራሻታት ብክልተ ቋንቋታት ተጻሒፉ ኣሎ። ቋንቋ ንምቕያር ተደሊኹም ኣብ ላዕሊ ናይ'ዚ ገጽ ኣብ የማናይ ሸነኽ ኣብ'ቲ ዌብ ሲት ናይ ኤታ ደፍሪቡርግ/ Etat de Fribourg/Staat Freiburg ዝመረጽኹሞ ብምጥዋቕ ክትቕይርዎ ትኽእሉ (F/D, fr/de, Français/Deutsch) www.fr.ch ናይ ፍሪቡርግ ወይ ከኣ ናይ ኮንፌዴራሲዮን www.admin.ch

# 3. «ብሓባር ምንባር» ነበርቲ ፍሪቡርግ

**ስነ-ሓሳባዊ ዶብ ረሽቲግራበን (Röstigraben)**

ብልምዳዊ ኣበሃህላ ናይ ተዛረብቲ ፈረንሳ ስዊሳውያን ተዛረብቲ ጀርመን ስዊሳውያን ዝፈላለይ ስነ-ሓሳባዊ ዶብ ብቛንቋ ፈረንሳ ባሪየር ደ ረሽቲ «barrière de Rösti» ብቛንቋ ጀርመን ከኣ ረሽቲግራበን (Röstigraben) ይበሃል።
ሌ ረሽቲ ብፈረንሳ (Les röstis/Rösti) ብኣልሞ ከኣ ማለት ናይ ድንሽ ቅጫ ኮይኑ ናይ ስዊስ ጀርመን ባህላዊ ምግቦም እዩ። እዚ ስነ-ሓሳባዊ ዶብ ኣብ ባስ ቪል (Basse-Ville/Unterstadt) ደሚቑ ይረኣየና።

*ፍሪቡርግ ጋሻ ተቐባሊ ከምኡ'ውን ብዕድመን ብሃገርን በኣተሓሳስባ ፍልልይ ዘለዎም ሰባት ኣብ ነንሕድሕዶም ብምክብባር ብሓድነት ዝነብሩሉ ካንቶን'ዩ።*

**ዞባ፣ ንኡስ ዞባ፣ ምምሕዳር (canton, districts et communes/Kanton, Bezirke und Gemeinden)**

ካንቶን ፍሪቡርግ ካብ'ቶም 26 ካንቶናት ናይ ስዊስ ሓደ'ዩ። ኣብ 2017 ኣስታት 313,000 ዝኾኑ ነበርቲ ብ 7 ንኡስ ዞባታትን 136 ምምሕዳራት (2018) ተከፋፊሎም ይርከቡ። ዋና ከተማ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ከተማ ፍሪቡርግ ኮይኑ ኣብ 2017 39.000 ነበርቲ ኣለዋ።

**ሲት ዌብ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.fr.ch

**ወግዓዊ ቛንቛታት**

ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ናይ ክልተ ቛንቛ ተዛረብቲ ከተማ እዩ። ንሳቶም ከኣ ቛንቛ ፈረንሳን ቛንቛ ጀርመንን እዮም።
ክልተ ሲሶ ዝኾኑ ነበርቲ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ናይ ቛንቛ ፈረንሳ ተዛረብቲ እዮም ። ሓደ ሲሶ ዝኾኑ ከኣ ቛንቛ ጀርመን ተዛረብቲ ኾይኖም፣ መብዛሕትኦም ኣብ ንኡስ-ዞባ ላ ሳንጂን (Singine/Sense) ዋና ምምሕዳሩ ታፈርስ፣ ለ ላክ (Lac/See) ዋና ምምሕዳሩ ሞራ፣ ላ ሳሪን (Sarine/Saane) ዋና ምምሕዳሩ ፍሪቡርግ ይነብሩ። ናይ ቛንቛ ፈረንሳ ተዛረብቲ ኣዘራርብኦም ከከም ከባቢኦም

ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ገለገለ ከባቢታት ከኣ ፓትዋ (patois) ዝበሃል ጥንታዊ ቋንቋ ናይ ፍሪቡርግ ይዛረቡ። መበቆሊኡ ከኣ ካብ ፍራንኮ - ፕሮቮንሳል ዝመጸ እዩ።

ናይ ቋንቋ ጀርመን ተዛረብቲ ፍሪቡርግ ከኣ ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋ (dialecte suisse/ Deutschschweizer Dialekt) ሳንጅንዋ singinois ብጀርመን ሰይስለርቱች (Seislertütsch) ከምኡ ' ውን በርንዎ bernois ብጀርመን በርንዱች (Bärndütsch) ይዛረቡ።

ኣብ ባስ ቪል (Basse-Ville/Unterstadt) ከኣ፣ ለ ቦልዝ (bolze) ዝበሃል ናይ ስዊስ ጀርመን ሳንጅንዋን ፈረንሳን ዝተሓዋወሰ ቋንቋ ይዛረቡ።

እንተኾነ ግን ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋ ተዛረብቲ፣ ምስ ካልእ ቋንቋ ተዛረብቲ፣ ኣብ ኣኼባ፣ ኣብ ቤት ትምሕርቲን ኣብ ኩሉ ቤት ጽሕፈታት ቐንዲ ናይ ጀርመን ቋንቋ ሆኽደች (Hochdeutsch) ይዛረቡ።

ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ካንቶን ፍሪቡርግ ብፈረንሳ ወይከኣ ብጀርመን ክትረዳድኡ ትኽእሉ ኢ.ኹም።

ናይ ምምሕዳር ካንቶን ፍሪቡርግ ዋና ዋና ሰነዳት ከኣ ብክልቲኡ ቋንቋታት ተሰኒዶም ይርከቡ። ኣብ ገሊኦም ክልቲኡ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኮሚዩናትውን ዋና ዋና ሰነዳቶም በዞም ክልተ ቋንቋታት ይጥቐሙ።



**ካንቶን ፍሪቡርግ – ከተማ ፍሪቡርግ**

ካብ 26 ካንቶናት ስዊስ 15 ዝኾኑ ከተማታት ከም ፍሪቡርግ፣ ስም ናይ'ቲ ካንቶንን ናይ'ቲ ከተማን ሓደ ዓይነት እዩ።
ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣሕጽሮተ - ቓል FR እዩ።
ኣብ ናይ ተሸከርከርቲ ታርጋ ተጻሒፉ'ውን ክትርእይዎ ኢኹም።

ጽላልካ ዘርግሓዮ ትብል ቓል በቶም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ፍሪቡርግ ከምዚ ዝስዕብ ኣጸሓሕፋ ይጸሓፍ፤

| | |
|---|---|
| **ትግርኛ** | ጽላልካ ዘርግሓዮ |
| **ፈረንሳ** | ኡቨር ቶን ፓራፕልዊ |
| **ፓትዋ ፍሪቡርግ** | ኣሯ ቶን ፐዮድዜ |
| **ኣልሞ** | ኦፍን ደይነን ረይግንሸርም |
| **ሳንጅንዎ** | ቱፍ ደይ ፓሪሱ |
| **በርንዎ** | ማሽ ደይ ራገየሽም ኡፍ |
| **ቦልዝ** | ቱፍ ደይ ፓራፕልዊ |

## ዜጋታት ወጻኢ

ኣብ 2017 ዝተገብረ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣስታት 70'000 ዝኾኑ ዜጋታት ወጻእተኛ ይነብሩ። እዚ ማለት ዳርጋ 22% ናይ ነበርቲ ካንቶን ፍሪቡርግ እዩ። ሓደ ርብዒ (1/4) ዝኾኑ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝተወለዱ ኾይኖም፤ 80% ዝኾኑ ድማ ካብ ሕብረት ዩሮፒያን ዝመጽኡ እዮም።
ካብ'ዞም ኩሎም ዜጋታት ወጻእተኛ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝነብሩ ዳርጋ ሓደ ሲሶ (1/3) ዝኾኑ ሕብረተሰብ ፖርቱጋል ኣዮም።

## ምዉህሃድ ንዜጋታት ወጻኢ

ልዕሊ 160 ዝተፈላልየ ዜግነት ዘለዎም ወጻእተኛታት ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ይነብሩ። ንዜጋታት ስዊስን ንወጻእተኛታትን ብጽቡ'ቕ ሓቢርካ ንምንባር ከምኡ'ውን ንምዝማድ ምምሕዳር ካንቶን ፍሪቡርግ ዓቢ ናይ ምዉህሃድ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ የካይድ። ንኹሎም ዜጋታት ወጻኢ ክልቲኡ ቋንቋታት ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ክመሃሩን ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክት ናይ «ብሓባር ምንባር» ነበርቲ ፍሪቡርግ ክሳተፉ የበረታትዕ።

እዚ ንጥፈት ዝካየደሉ ኣብ ሓደ ፍሉይ ህዝባዊ ማሕበር፣ ናይ ምዉህሃድ ውልቀ ሰብ፣ ስደተኛ ወይከኣ ሓተትቲ ዑቕባ ጉዳይ ዝምልከት ብቕዓት ዘለዎ ትካል ኣገልግሎት ናይ ማሕበራዊ ምንቅስቓስ እዩ። (Service de l'action sociale/kantonales Sozialamt) ንሓተትቲ ዑቕባ ምቕባል፣ መምበሪ ገዛ ምሃብ፣ ዝተፈላለየ ሓገዛት ምግባር፣ ምውህሃድ፣ ምቑጽጻርን ጥምረትን ብ ORS Service AG ወገን ይካየድ።
ብካልእ ወገን ድማ፣ ንቕቡል ስደተኛታት መምበሪ ገዛ ምሃብ፣ ዝተፈላለየ ሓገዛት ምግባር፣ ምውህሃድ፣ ምቑጽጻርን ጥምረት ብካሪታስ ስዊስ ፍሪቡርግ ወገን ይካየድ።
መብዛሕቶም ኮሚዩናት ናይ ምውህሃድ ሕቶታት ብዝምልከት ዝምልስ ሓደ ኣካል ኣለዎም። ከተማ ፍሪቡርግ ከኣ፣ ስነ-ማሕበራዊ ምትስሳር ጽላት (cohésion sociale/Sozialer Zusammenhalt) መስሪቱ'ሎ። ከምኡ'ውን ከተማ ቢዩል ብወገኑ ናይ ውክልና ልኡኻን ምውህሃድ ሕቶታት (un poste de délégué-e/Integrationsdelegierte) ዝምልከት መስሪቱ ኣሎ።

> [1] ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን
> [2] ኣገልግሎት ማሕበራዊ ምንቕስቓስ
> [3] ስነ-ማሕበራዊ ምትእስሳር ጽላት ናይ ከተማ ፍሪቡርግ
> [4] ወከልቲ ንምውህሃድ ናይ ከተማ ቢዩል

**ኦ ኣር ኤስ ኣገልገሎት ORS Service AG**

www.ors.ch

**ካሪታስ ስዊስ (Caritas Suisse/Caritas Schweiz)**

www.caritas.ch

# 4. ናብ ካንቶን ምስ መጻእኹም

*ናብ ካንቶን ምስ መጻእኹም ብዝቀለለ መገዲ ናብራኹም ክትደላደሉ ምምሕዳር ኮሚዩንኩም ኣድለይቲ ሓበሬታታት የቕርበልኩም።*

## ምምጻእኹም ምሕባር

መጀመርያ ምስመጻኹም ኣብ' ዚ ኮሚዩን ክትነብሩ ወይ ከኣ ልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ክትጸንሑ እንተደኣ ኾይንኩም ኣብ ወሽጢ 14 መዓልትታት ናብ ምምሕዳር ኮሚዩን ብኣካል ብምኻድ ኽትሕብሩ ኣለኩም።
ስዊዛዊ ይኹን ወጻእተኛ ኣብ ካልእ ኮሚዩን ናይ ፍሪቡርግ ነባሪ ዝነበረ ናብ ዝቐየረሉ ሓድሽ ኮሚዩን ክፍሊ ምቁጽጻር ነበርቲ (Contrôle des habitants/Einwohnerkontrolle) ብኣካል ብምኻድ ክሕብር ኣለዎ።
ወጻኣተኛ ዜጋ ካብ ካልእ ሃገር ወይ ካብ ካልእ ካንቶን ምስ ዝመጽእ፣ ፓስፖርቱ ሒዙ መጀመርታ ኣብ ግራንዥ ፓኮ (Granges-Paccot) ዝርከብ ኣገልግሎት ካንቶናል ህዝብን ወጻኣተኛታትን (Service de la population et des migrants/Kantonales Amt für Bevölkerung und Migration) ብምኻድ፣ ብድሕሪኡ ከኣ ናብ ዝቐየረሉ ኮሚዩን ክፍሊ ምቁጽጻር ነበርቲ ከይዱ ክምዝገብ ኣለዎ።

**ዝርዝር ኮሚዩናት ፍሪቡርግ ኣብ' ዚ ዝስዕብ ዌብ ሳይት ይርከብ**

www.fr.ch

> [5] ኣገልግሎት ህዝብን ወጻእተኛታትን

## ኣብ ኮሚዩን ዝርከቡ ሓበሬታታት

ናብ ምምሕዳር ኮሚዩን ብምኻድ ብዛዕባ ኣብ' ቲ ኮሚዩን ዝካየዱ ስፖርታዊ፣ ባህላዊ ከምኡ' ውን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ምኽርን ሓበሬታን ንክትሕቱ ንምዕደኩም።
ኣብ ላዕሊ ንዝተጠቕሱ ማሕበራዊ ህይወት ምስታፍ ወይ ከኣ ምውሳእ ንኢንተግራሲዮን ከምኡ' ውን ንምልላይ ዝበለጸ ሓጋዚ መገዲ' ዩ። ዝተፈላለየ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሓበሬታ ሰሌዳን ኣብ ሲት ኢንተርኔት ናይ ኮሚዩን ይርከብ።

ንኣብነት ከተማ ፍሪቡርግ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለወ ሲት ኢንተርኔት ንሓደሽቲ ዝመጹ/ጻ ነበርቲ ኣለዎ።

www.ville-fribourg.ch/bienvenue

## ሓበሬታታት ኣብ ፍሪቡርግ ፑር ቱስ

«ፍሪቡርግ ንኹሉ» (Fribourg pour tous/Freiburg für alle) ንጠቕላላ ህዝቢ ፍሪቡርግ ኮይኑ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብሕጉስ ኣቀባብላ ቀሊል መገዲ ንማሕበራውን ውልቃውን ሓበሬታታት ንኣብነት ጥዕና፣ ስድራቤት፣ ስራሕ ወዘተ ንውከሰሉ ቦታ'ዩ።
ቖጸራ ከይሓዝና ብምኻድ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳትን ክንከዶም ዝግባኣና ቦታታት ብናጻን ብምሉእ ምስጢራውነትን ይሕብረና።

> [6] ፍሪቡርግ ፑር ቱስ (ሓበሬታታት መወከሲ ቦታ)

## ምክትታል መራኸቢ ብዙሓን

ብዛእባ ካንቶን ፍሪቡርግ ብዙሕ ዝተፈላለየ ሓበሬታታት ኣብ ኢንተርኔትን ኣብ መራኸቢ ብዙሓንን ይርከብ። ዞባዊ ጋዜጣታት፣ ብዝበለጸ ናይ ከባቢኹም ህይወት ክትፈልጡ ይሕግዘኩም፣ ከምኡ'ውን ስራሕ፣ ኣድራሻታት ናይ ዝካረዩ ገዛውቲ፣ መዓልታዊ ምዕባለታት፣ በዓላት ብተወሳኺ ናይ ኣነባብራ ሜላታትን ምኽርታትን ክትረኽቡ ትኽእሉ።

> [7] ቐንዲ ናይ ፍሪቡርግ ጋዜጣታት
> [8] ራደዮታት ዞባ
> [9] ቴሌቪዥን ዞባ

# 5. መሰላትን ግቡኣትን

*ብመሰረት ቀዳማይ ኣንቀጽ ቕዋም ካንቶናል ናይ 16 ግንቦት 2004 ካንቶን ፍሪቡርግ ከም ሓደ ናጻን፡ ደሞክራሲያዊ ከምኡ’ውን ማሕበራዊ ሕግን ልዕልነት ከምዘለዎ ኣፍሊጡ።*

## ኣገደስቲ መሰረታዊ ዕላማ

ናይ “ኤታ” ምምሕዳር ፍሪቡርግ መሰረትዊ ዕላማ ናይ ሓባር ግቡእ ተግባራትን ናይ ውልቀ-ሰብ ዕብየት ምምላእን ምእላይን ኮይኑ ዕላማ ናይ’ዚ ቕዋም ሕጊ ንክኽበር ዘረጋግጽ’ዩ። “ሌኤታ” ምምሕዳር ፍሪቡርግ ኽሰርሕ ዝኽእል እቲ ቕዋም ወይ ከኣ ሕጊ ብዝፈቕደሉ መገዲ ጥራይ ኢዩ። እዚ ሕግን ቕዋምን ዝተሃንጸ ፍልልይ ብስልጣናት ዘለዎም መሰረት ብምግባር እዩ (ስልጣን ፍልልይ ማለት ፌዴራል፡ ካንቶን፡ ኮሚዩን ነናቶም ውሽጣዊ ኣሰራርሓን ስልጣን ፍልልይ ኣለዎም)። ብፍላይ ፍትሒ ካብ ስልጣን መንግስቲ ዝተፈልየ ብናቱ ስልጣንን መምርሕን ብናጽነት ዝሰርሕ እዩ።

- ኣብ ስዊስ ህዝቢ ካብ ኩሉ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ እዩ። ነቲ ስልጣኑ ከኣ ብቐጥታ ኾነ ብተዘዋዋሪ ቕዋምን ሕግታቱን ንምቕያር ወይ ከኣ ንምምሕያሽ ሕዝቢ በዓሉ ወይ ድማ ብዝመረጾም ሰበ-ስልጣናት ምርጫ ይገብር።
  ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ሕዝቢ፡ ንኣመሓደርቲ ካንቶን፡ ንኣባል ቤት-ምኽሪ ከምኡውን ንኣመሓዳሪ ከባቢ (ከንቲባ) ይመርጽ። ብተወሳኺ ኣመሓደርቲ ኮሚዩናትን ወኪል ቤት ምኽሪ ፌዴራልን ወከልቲ ካንቶናት ይመርጽ።
  ኣቃውማ ስልጣን ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ብትግርኛ፡ ብፈረንሳ፡ ብኣልሞ ከም’ዚ ዝስዕብ እዩ።
  ኣመሓደርቲ ካንቶን (Conseil d’Etat/Staatsrat)
  ኣባል ቤት-ምኽሪ (Parlement, Grand Conseil/Parlament, Grosser Rat)
  ኣመሓዳሪ ከባቢ (ከንቲባ) (préfets, préfètes/Oberamtfrauen, Oberamtmänner)
  ኣመሓደርቲ ኮሚዩናት (autorités communales/Gemeindebehörden)
  ወኪል ቤት ምኽሪ ፌዴራል (Conseil national/Nationalrat)
  ወከልቲ ካንቶናት (Conseil des Etats/Ständerat)

- ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝነብር ኩሉ ሕዝቢ መሰላትን ግቡኣትን ኣለዎ። መሰረታዊ መሰላት ንኣብነት ከም ክብረ ኣካላት፣ ማዕርነት (ኣብ ቅድሚ ሕጊ)፣ ብዘይ ኣድልዎ (ብጾታውን ብዜግነትን)፣ ብመርዓ፣ እምነትን ርኢቶን፣ ሓሳብካ ብናጽነት ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎ። ከምኡውን ግቡኣትካ ምትግባር ከም ምኽፋል ግብሪ፣ ደቅኻ ቤት ትምህርቲ ምስዳድ ወዘተ ከማልእ ኣለዎ።
- መሰረታዊ መሰላት ፍጹም ኣይኮኑን። መንግስቲ ንድሕነት ህዝቢ፣ ንስርዓት ከምኡውን ንድሕነት ጥዕና ሕዝቢ ንምርግጋጽ ከጽብቦምን ከግፍሖምን ይኽእል።
  ናይ ነብስ - ወከፍ ሰብ መሰል ናጽነት፣ ናይ ካልእ ሰብ መሰል ናጽነት ቅድሚ ምትንካፋ የቋርጽ። ንኣብነት ሃይማኖት ምክንያት ብምግባር ሕጊ ቤት ትምሕርቲ ምጥሓስ፣ ሓሳብካ ብናጽነት ምግላጽ ምክንያት ብምግባር ንውልቀ - ሰብ ይኹን ንጉጅለ ምጽራፍ ብሕጊ የሕትት።

**ቅዋም ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.fr.ch

**ሕጊ ካንቶናል**

www.fr.ch

**ቅዋም ፌደራል**

www.admin.ch

**ሕጊ ፌደራል**

www.admin.ch

## መሰላት ናይ ወጻኢ ዜጋታት (ስደተኛታት ዘይኮኑ)

ስደተኛታት ዘይኮኑ ናይ ወጻኢ ዜጋታት ብዛዕባ መሰሎምን ግቡኦምን ፍሉይ ዝኾነ ሓገዝን ምኽሪን ክረኽቡ ይኽእሉ። ማሕበር CCSI ፍሪቡርግ ናይ መንበሪ ፍቓድ ከምኡ'ውን ናይ ስድራቤት ብሓንሳብ ምጥርናፍ ንዝምልከቱ ጉዳያት ሕጋዊ ምኽርታት ይህብ።

> [10] ማእከል ርክብ ስዊሳውያንን – ወጻእተኛታትን ፍሪቡርግ

## መሰላት ናይ ስደተኛታት ጉዳያት ዝምልከት

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ናይ ስደተኛታት ጉዳያት ዝምልከት ሕቶ ዘለዎም ሰባት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ ካሪታስ ስዊስ ክኸዱ ይኽእሉ። እዚ ቤት-ጽሕፈት መሰላት ናይ ስደተኛታት ጉዳያት ንዝምልከቱ ሕቶታት ብሕጋውያን ኣማኸርቲ ሞያዊ ኣገልግሎት ይህብ።

> [11] ካሪታስ ስዊስ፥ ቤት-ጽሕፈት ናይ ሕጋዊ ኣማኸርቲ ኣብ ፍሪቡርግ

## መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት

ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ናይ ወጻኢ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ስዊስ ካብ ሰለስተ ወርሒ ንላዕሊ ክጸንሑ መሰል የብሎምን። ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ብዘይ መንበሪ ፍቓድ እንተጸኒሖም ኣብ ውሽጢ ዘይሕጋዊ ኩነታት ይርከቡ። እንተኾነ'ውን ዝኾነ ሽግራት ምስዘጋጥሞም መሰረታዊ ናይ ሕክምና ወይ ከኣ ናይ ህጹጽ ማሕበራዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ መሰል ኣለዎም።

> [12] Fri-Santé – Espace de soins/Raum für Behandlung ፍሪ-ሳንቴ – ኤስፓስ ደ ስዋ
> [10] ማእከል ርክብ ስዊሳውያንን – ወጻእተኛታትን ፍሪቡርግ

**ክብርታት ስዊስ**
Valeurs helvétiques/
Schweizer Werte

*መነባብሮ ወይ ከኣ ህይወት ነበርቲ ፍሪቡርግ ብተመሳሳሊ ብቕዋም መንግስቲ ስዊስ ይመሓዳደር። ኣብ መእተዊ ቕዋም ፌዴራል ስዊስ ዝተጠቅሱ ቀንዲ መሰረታዊ መበገሲታት ከምዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ይርከቡ፥ «ህዝብን ካንቶናት ስዊስን ፍልልይነቶም ብምክብባር ብፍትሓዊነት ብሓባር ንምንባር ወሲኖም፥ ሓድነቶም ብናጽነት ንምድልዳልን ንምሕዳስን ኣበርቲዖም ብምጽዓር፥ ብዲሞክራሲ፥ ብናጽነትን ብሰላም ብምትሕግጋዝ መንፈስ ንዓለም ዝምድንኦም ኣርሒው፥ ንበይኑ ናጻን ናጽነቱ ዝጥቀም ሃገር ሓይሊ ዝምዘን ንድኹም ወገኑን ህዝቡን ብዝገብሮ ድጋፍ ከምዝኾነ ይኣምኑ»።*

## ኣፈላላይ ዘይምህላው (ብዘይ ኣድልዎ)

ብመሰረት ቕዋም መንግስቲ ስዊስ፥ ዝኾነ ሰብ ብመበኞል፥ ብጾታ፥ ብዕድመ፥ ብቋንቋ፥ ብሃይማኖት፥ ብፍልስፍና ወይ ከኣ ብፖለቲካ ኣረኣእያ ኣፈላላይ (ኣድልዎ) ክግበር የብሉን። በዚ ኣብላዕሊ ዝተጠቕሳ ምኽንያታት ኣፈላላይ (ኣድልዎ) እንተተሰሚዕኩም ብኤታ ፍሪቡርግ ሓላፍነት ዝተወሃቦ ናብ ኣገልግሎት ምክብባር «se respecter/Respekt für alle» ዝተባህለ ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። እዚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ወሽጢ ካሪታስ ዝርከብ ኮይኑ ጥርዓን ብምስማዕ፥ ግዳይ ዓሌትነት ንዘጋጠሞም ሰባት ማሕበራውን ሕጋውን ሓገዝ ይገብር።
እዚ ምኽርን ሓገዝን ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ብሓሙሽተ ቋንቋታት (ፈረንሳ፥ ኣልሞ፥ እንግሊዝ፥ ኤስፓኛል፥ ፖርቱጋል) ከምኡ ' ውን ኻልኦት ቋንቋታት ብተርጎምቲ ክትረክቡ ትኽእሉ። ብኣፈላላይ (ብኣድልዎ) ግዳይ ዝኾኑ ሰባት ወይ ከኣ ኣፈላላይ (ኣድልዎ) ዝርኣዩ ሰባት መንነቶም ኣፍሊጦም ይኹን ከየፍለጡ (ከም ድሌቶም) ብጽሑፍ ኣብ ሲት ኤንተርኔት www.serespecter.ch ተሞክሮኦምን ትዕዝብቶም ከካፍሉ ይኽእሉ።

> [13] ምክብባር «ሰ ሬስፔክቴ – ሬስፔክት ፍዩር ኣለ», ኣገልግሎት ኣማኸርትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነት ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፥ ካሪታስ ስዊስ፥ ክፍሊ ፍሪቡርግ
> [1] ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን

# 6. መረዳድኢ

## ምርድዳእ ወይ ከኣ ምዝርራብ ማለት ንሓሳብካ ምግላጽን ሓሳባት ናይ ካልኦት ምርዳእን እዩ።

### ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳን ኣልሞን

ካብ ክልቲኡ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ቋንቋታት ሓደ ወይ ከኣ ክልቲኡ ቋንቋ ፈረንሳን ኣልሞን ምዝራብ ንምውህሃድ (ንኢተግራሲዮን) ኣዝዩ የበራትዕ። ኣብ ምምሕዳር (ኮሚዩን) ተዛረብቲ ጀርመን ንዝነብሩ ሰባት ከኣ፣ ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋ ምዝራብ ወይ ከኣ ምርዳእ ዝበለጸ ጠቓሚ እዩ። ዝተፈላለዩ ምምሕዳራት (ኮሚዩናት)፣ ቤት ትምህርትታት ከምኡ' ውን ማሕበራት ናብ ካንቶን ፍሪቡርግ ንዝመጹ ሓደሽቲ ሰባት ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳን ኣልሞን የዳልው። ቋንቋ ፈረንሳን ኣልሞን ብናጻ ወይ ከኣ ከምዓቕምኹም ክትመሃርሎም እትኽእሉሎም ዝርዝር ቤት ትምህርትታት ኣብ ሲት ኢንተርኔት ናይ ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ስደተኛታትን ምክልኻል ቕድመ ኩነት ንዓሌትነት ይርከብ።

> [1] ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቕድመ ኩነት ንዓሌትነት

### ኣብ ግዜ ክረምቲ ንናይ ወጻኢተኛ ቋንቋ ተዛረብቲ ቆልዑት ዝወሃብ ትምህርቲ

ዓመት - ዓመት ኣብ ግዜ ክረምቲ ንናይ ወጻኢተኛ ቋንቋ ተዛረብቲ ቆልዑት ዝወሃብ (ፍረንሳን ኣልሞን) ትምህርቲ ይዳሎ።

> [14] a) ክፋል ናይ ቋንቋ ፈርንሳ ተዛረብቲ፣ ኣገልግሎት ናይ ግዴታ ቤት ትምሕርቲ ቋንቋ ፈረንሳ
> [14] b) ክፋል ናይ ቋንቋ ኣልሞ ተዛረብቲ፣ ኣገልግሎት ናይ ግዴታ ቤት ትምሕርቲ ቋንቋ ኣልሞ

## ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንመንእሰያት ወጻእተኛታት

ብፍሉይ ንመንእሰይ ዝምልከት ትምህርቲ ኣብ ኣገልግሎት ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ብምኻድ ክትሓቱ ኣለኩም (Service de la formation professionnelle/Amt für Berufsbildung)

> [15] ኣገልግሎት ናይ ሞያዊ ትምህርቲ

## ምልምማድ ትምህርቲ ንምንባብን ምጽሓፍን

ገለ ገለ ሰባት ንምንባብን ምጽሓፍን ብዙሕ ይሽገሩ። ማሕበር ናይ ምንባብን ምጽሓፍን (Association Lire et Ecrire/Verein Lesen und Schreiben) ንዓበይትን ንመንእሰያት፣ ምንባብን ምጽሓፍን ንኸማሓይሹ ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ፈረንሳን ኣልሞን የዳሉ።

> [16] ማሕበር ናይ ምንባብን ምጽሓፍን – ክፋል ፍሪቡርግ

## ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ስዊስ ኣልሞ

እዞም ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ስዊስ ጀርመን ንምዝርራብ ጥራይ ንጥቐመሎም ቋንቋታት ኢዮም ። እዚኦም ዝተፈላለዩ ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋታት ንምልማድ ምስ' ቶም ስዊስ ጀርመን ተዛረብቲ ብምዝርራብን፣ ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋ ትምህርቲ ብምውሳድ' ዩ። ጽቡቕ ጌርካ ናይ ስዊስ ጀርመን ቋንቋ ምዝራብ፣ ዝገፈሐ ናይ ስራሕ ዕድላት ይፈጥር።

**ህዝባዊ ዩኒቨርሰቲ (Université populaire/Volkshochschule)**
ፈረንሳ: www.unipopfr.ch/fr
ኣልሞ: www.unipopfr.ch/de

**ቤት ጽሕፈት ንግድን ኢንዱስትርን ፍሪቡርግ**
**(Chambre de commerce et d'industrie Fribourg CCIF/Handels- und Industriekammer Freiburg HIKF)**
www.ccif.ch

## ተወሰኽቲ ሐበሬታታት

**ኮርስ (ትምህርቲ) ናይ ምውህሃድ (ኢንተግራሲዮን)**
ቋንቋ ፈረንሳ ወይ ከኣ ኣልሞ ትርድኡ እንተኾይንኩምን ብዛዕባ ናብራ ስዊስ ፍልጠትኩም ኽተማዕብሉ እንተደሊኹም፥ ኮርስ ናይ ምውህሃድ (ኢንተግራሲዮን) «ናብራ ኣብ ስዊስ» ብቀይሕ መስቀል ፍሪቡርግ (Croix-Rouge fribourgeoise/Freiburgisches Rotes Kreuz) ዝተዳለወ ትምህርቲ ኣሎ።

> [17] ቀይሕ መስቀል ፍሪቡርግ፥ ኮርስ «ናብራ ኣብ ስዊስ»

**ተርጎምቲ ማሕበረሰብ**
ኣብ ዝተፋላለየ ኩነታት (ሕክምናዊ፥ ማሕባራዊ፥ ትማህርታዊ ወዘተ ...) ብቋንቋ ፈረንሳ ወይ ኣልሞ ክረዳድኡ ዘይክእሉ ስደተኛታት ንዝምልከቶ ኣካል ብምሕታት ተርጓሚ ክግበረሎም ይኽእሉ ኢዮም። እዞም ተርጎምቲ ብቐሊሉ ንምርድዳእን ጌጋታት ንከይፍጸም ክሕግዙ ዝተማሃሩ ከምኡ’ውን ተርጎምቲ ንዘድልዮም ሰባት ንኩሉ ዘጋጠሞም ሓደሽቲ ኩነታት ብቀሊል መገዲ ክረድኡዎም ይኽእሉ። ቖልዑ ወይከኣ ትፈልጡዎም ሰባት ከም ተርጎምቲ ምውሳድ ጽቡቕ ክምዘይኮነ ንሕብረኩም።



> [18] ኣገልግሎት ተርጎምቲ ማሕበረሰብ፡ «ስ ኮምፐሮንድ» «se comprendre» ካሪታስ ስዊስ ክፍሊ ፍሪቡርግ፡

**ባህላዊ ቤተ – መጽሓፍቲ** **Bibliothèque interculturelle/Interkulturelle Bibliothek LivrEchange**
ሊቭር ኤሻንዠ (LivrEchange) ሓደ ቤተ - መጽሓፍቲ ኮይኑ ንኹሉ ሰብ ክፉት ዝኾነን ብልዕሊ 200 ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጽሓፍቲን ቋንቋ ፈረንሳ ወይ አልሞ ንምልምማድ ዝሕግዙ ሜላታት ዘለዎም መጻሕፍትታት ክተንብቡሉን ክትልቅሕሉ ትኽእልሉ ቦታ' ዩ።

> [19] ቤተ - መጽሓፍ ሊቭርኤሻንዥ

**ቦታ ደቂ - ኣንስትዮ** **Espacefemmes/Verein frauenraum**
ማሕበር ቦታ ደቂ – ኣንስትዮ (Association espacefemmes/Verein frauenraum)፡ ንደቂ - ኣንስትዮ ስዊስን ወጻእተኛታትን ዝራኸባሉ ከምኡ' ውን ምክሪ ዝረኽባሉ ቦታ' ዩ። ዕላምኡ ከኣ ማሕበራዊ ዝምድናታትን፡ ምትሕግጋዝን፡ ከምኡ' ውን ብሓባር ምንባር ንምድልዳል' ዩ።

> [20] ማሕበር ቦታ ደቂ – ኣንስትዮ

# 7. መንበሪ ኣባይቲ

*መብዛሕትኦም ነበርቲ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣብ ክራይ ገዛውቲ ይነብሩ።*

**ኣደላልያ መንበሪ ገዛ**

መንበሪ ገዛ በዞም ዝስዕቡ ዝርዝር መገድታት ክትረኽቡ ትኽእሉ፣

- ኣብ ጋዜጣ ዝወጽእ ምልክታ ብምክትታል፣
- ብቀጥታ ኣብተን ወኪል ኣባይቲ (agences immobilières/Immobilienagenturen) ብምኻድ፣
- ብናይ ሲት ኢንተርነት ዝመሓላለፍ ሓበሬታ ብምርኣይ፣
- ብናይ ዝክፈሎን ዘይክፈሎ ጋዜጣ ወይከኣ ኢንተርኔት ናይ ትደልዮ ዓይነት ገዛ ሓበሬታ ብምዝርጋሕ፣
- ብተወሳኺ ንትፈልጡዎም ሰባት ብምሕታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ሓደ - ሓደ ኮሚናት ዝርዝር ናጻ ዝኾኑ ዝካረዩ ገዛውቲ በብግዚኡ ስለዘቕርቡ፣ ኣብ ትነብሩሉ ኮሚዩን ኬድኩም ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ዝካረዩ ገዛውቲ ብሲት ኢንተርነት ንምርካብ፣ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ብምጥቃም ክትረኽቡ ትኽእሉ፣**

www.laliberte.ch

www.freiburger-nachrichten.ch/immobilien

www.lagruyere.ch

www.cfi-ikf.ch

www.immoscout24.ch

www.immostreet.ch

www.homegate.ch

www.petitesannonces.ch

**ዝርዝር ኣስማት ወኪላት ኣባይቲ፣ ኣብ ፍሪቡርግ ካብዚ ዝስዕብ ሲት ኢንተርኔት ይርከብ።**

www.les-agences-immobilieres.ch

ዝካረ ገዛ ንምርካብ ነዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ከተማልኡ ኣለኩም።


- በቲ ወኪል ኣባይቲ /ሬዢ/ ዝተዳለወ ዝርዝር ሓበሬታ ዘለዎ ቅጥዒ ወይ ፎርም ምምላእ፣
- ቅዳሕ ናይ መንነት ወረቀት ወይ መንበሪ ፍቓድ ፐርሚ፣
- ቅዳሕ ናይ ዳሕረዎት ሰለስተ ወርሒ ደሞዝ፣
- እዋናዊ መሰነይታ ወረቐት ካብ ዕዳ ናጻ ምዃንካ ካብ ዘጻሪ ቤት ጽሕፈት ፑርስዊት፣
- መሰነይታ ናይ መድሕን ምዕቃብ ወይ ማሕበራዊ ውሕስነት፣
- ካብ ትነብረሉ ኮሚን ናይ ነባርነት መረጋገጺ ወረቐት፣

ገዛ ምስረኸብኩም ቀልጢፉ መታን ክሰልጠኩም ነዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው መሰነይታ ወረቃቕቲ ኣቐዲምኩም ከተዳልውዎም ንምዕድ።

**ሲት ዌብ (ኢንተርኔት) ዕዳ ከም ዘይብልካ ዘጻሪ ቤት ጽሕፈት**

ፈረንሳ: www.fr.ch/opf

ኣልሞ: www.fr.ch/BKa



**መብዛሕትኡ ሰብ ብክራይ ገዛ ዝነብረሉ ሃገር**

ኣብ ስዊስ ክልተ-ርብዒ ዝኸውን ህዝቢ ኣብ ክራይ ገዛ ፣ ሓደ-ርብዒ ዝኸውን ከኣ ኣብ ናቱ (ውልቃዊ) ገዛ እዩ ዝነብር።

**ኣከፋፍላ ዋሕስ ክራይ ገዛ**

ዝካረ ገዛ ምስ ረኸብኩም፣ ውዕል ናይ'ቲ ዝካረ ገዛ ኣብ ሞንጎ ተኻራይን ወኪል ኣካራይን ክግበር ኣለዎ። ስዒቡ'ውን ዋሕስ ክራይ ገዛ (garantie/finanzielle Sicherheit) ድምር ናይ ሰለስተ ወርሒ ክፍሊት ትሕጃ ክተሓዝ ኣለዎ። ናይ ሰለስተ ወርሒ ክፍሊት ገዛ ክራይ ባዕልኹም ትሕጃ ክተትሕዙ እንተዘይኪኢልኩም፣ ንትካላት ውሕስነት ክራይ ገዛ ብምሕታት ዋሕስ ኸትገብሩ ተኽእሎታት ኣለኩም።

**ገንዘባዊ ደገፍ ዘለዎ ክራይ ገዛ**

ብሓፈሻ ኩሎም ወኪል ኣባይቲ ፥ እቲ ዝካረ ገዛ ገንዘባዊ ደገፍ ከምዘለዎ ኣቀዲሞም ይሕብሩ ኢዮም። ተወሳኺ ሓበሬታት ከኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣገልጉሎት ናይ መንበሪ ገዛውቲ (Service du logement/Wohnungsamt) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ቤት ጽሕፈት ኣገልጉሎት ናይ መንበሪ ገዛውቲ ማለት ናይ ቁጠባ ጸገም ንዘለዎም ሰባት ሓገዝ ከም ዝግብኦምን ከም ዘይግብኦምን ከምኡ'ውን መጠን ብዝሒ ገንዘብ ሓገዝ ዝውስኑ ኢዮም።

> [21] ቤት ጽሕፈት ኣገልጉሎት ናይ መንበሪ ገዛውቲ

ኣብ ሞንጎ ኣካራይን ተኻረይን ዘጓንፉ ጸገማት፣ ናብዞም ዝስዕቡ ትካላት ብምኻድ ሕጋዊ ኣሰራርሓን ሞያዊ ምኽርን ክርከብ ይከኣል።

> [22] ማሕበር ተኻረይቲ ኣባይቲ ስዊስ – ክፍሊ ፍሪቡርግ
> [23] ማሕበር ተኻረይቲ ኣባይቲ ስዊስ – ክፍሊ ኣልሞ ፍሪቡርግ

## ግብሪ ናይ ራድዮን ተሌቭዥን

መሳርሒ ናይ ራድዮ መስምዕን ናይ ተሌቭዥን መራኣይን ዘሎዎም ገዛውቲ፣ ናብ'ቲ ዝምልከቶ ቦታ ብምኻድ ክምዝገቡን ግብኦም ክኸፍሉ ኣለዎም። ከምዚ ምስ ዘይገብሩ ግና መቕጻዕቲ ኣለዎ። ክፍሊት ግብሪ ናይ ራድዮን ተሌቭዥን 451 ፍራንክ ኢዩ (ክፍሊት

2017)። እቲ ገንዘብ ዝኽፈሎ ትካል ብመንግስቲ ስዊስ ሕጋዊ ዉክልና ዝተዋህቦ ኢዩ። ብጽሑፍ ብምሕታት፣ ካብ መንግስቲ ስዊስ ሓገዝ ዝግበረሎም ሰባት ክኸፍሉ ኣይግደዱን ኢዮም።

www.bakom.admin.ch

## ህይወት ኣብ መንበሪ ህንጻታት

ምስ ጎሮባብትኻ ጽቡቕ ዝምድና ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ሓቢርካን ተኸባቢርካን ኣብ ሓደ ህንጻ ንምንባር ናይ ጎረባብቲ ስርዓት ክተኽብሩ ይግብኣኩም። ንኣብነት ካብ ሰዓት 22:00 ምሸት ክሳብ ሰዓት 7:00 ንጉሆ፣ ሰንበትን ህዝባዊ ባዓላት፣ ድቃስን ዕረፍቲ ዝኸልኡ ድምጽታት፣ ከም ኣስፒራቶር፣ሙዚቃ፣ ድምጺ ዝገብሩ ምንቅስቓስ ኣቕሑት፣ ጨርባሕባሕ ጠራሙዝ ወዘተ... ካብ ምግባር ክትቁጠቡ ኣለኩም። ተወሰኽቲ ሓፈሻዊ ስርዓታት ካብ ቤት ጽሕፈት ፍሪቡርግ መንበሪ ህንጻታት ክንረክብ ንኽእል።
ቀንዲ ስርዓታት ናይ ኣጠቓቕማ ብሓባር ንጥቀመሎም ቦታታት ከም መሕጸቢ ክዳውንቲ፣ መቐመጢ ብሽክለታ ወዘተ... ምስ ውዕል ክራይ ገዛ ተወሲኹ ንረኽቦ። ምስ ጎረባብትኹም ዘይምርድዳእ እንድሕር ኣጋጢምኩም እቲ ዝበለጸ መገዲ ባዕልኹም ንምርደዳእ ምፍታን'ዩ። ኣድላይ እንተኾይኑ ምስ ተቖጻጻሪ ናይ'ቲ ህንጻ (concierge/Hauswart) ወይ ከኣ ምስ'ቲ ወኪል ኣካራያይ (régie/Immobilienagentur) ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# 8. መጓዓዝያን መንቀሳቐሲታትን

*ካንቶን ፍሪቡርግ ንህዝባዊ መጓዓዝያን ነዳዲ ዘይጥቐሙ መንቀሳቐሲታትን፣ ብሽክለታታትን ዓቢ ዓቓልቦ ይህብ። ኩሎም ተሽከርከርቲ ብጽቡቕ ዝተዳለወ ናይ መንገዲ ትሕተ-ቅርጺ ኣገልግሎት ዝህብ ኣለዎም። ብተመሳሳሊ ማኪና'ውን ኣድላይ ናይ መጓዓዝያ ዓይነት ኮይኑ ዝለዓለ ናይ መንገዲ ትሕተ-ቅርጺ ኣገልግሎት ዝህብ ዘለዎ እዩ።*

## ህዝባዊ መጓዓዝያ

ስዊስ ዝነኣድ ከምኡ'ውን ውጽኢታዊ ዝኾነ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያታት መንገዲ ትሕተ-ቅርጺ ኣገልግሎት ዝህብ ኣለዎ። ክፍሊት ትኬት ናይ ባቡር፣ ኣውቶቡስ ወይ ከኣ ናይ ጀልባ ቲኬት ብጣዕሚ ክቡራት እዮም።
ነገር ግን ኣብ ፎሮቢያ ሃገራዊ ኩባንያ (CFF/SBB) ናይ ፍርቂ ዋጋ ክፍሊት ካርዲ ብምውጻእ (abonnement demi-tarif/Halbtax) ንዓመት 185 ፍራንክ ብምክፋል ትኬት ብፍርቂ ዋጋ ምግዛእ ይከኣል። እዚ ናይ ፍርቂ ዋጋ ክፍሊት ምዝገባ ብጣዕሚ ፍሉጥን ተመራጽን እዩ፣ ካብ ክልተ ሰብ ሓደ ዝጥቐመሉ እዩ።
ካብ 6 ዓመት ክሳብ 16 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ምስ ወለዶም ወይ ከኣ ምስ ኣዝማዶም ብሓንሳብ ብ «Junior/Junior-Karte» ካርታ ወይ ከኣ ብ «enfant accompagné/Kinder-Mitfahrkahrte» ካርታ (ዓመታዊ 30 ፍራንክ, ዋጋ 2017) ክጓዓዙ ይኽእሉ።
ካልኦት ብዙሕ ዝተፈላለዩ ብሕሱር ዋጋ ንምጎዓዝ ትክእሎታት ኣለዉ፣ ብፍላይ ንመንእሰያት «Voie 7/Gleis 7» ከምኡ'ውን ንኣበይቲ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ጉዑዞኹም፣ ትኬት ዝቆጻጸሩ ሰራሕተኛታት ስለዘለው፣ ዕድሜኩም ንምርግጋጽ ኩሉ ግዜ ናይ መንነት ወረቐት ክትሕዙ ኣለኩም።

**ፈረንሳ**: www.cff.ch
**ኣልሞ**: www.sbb.ch

ሓደ-ሓደ ኮሚዩናት ናይ ሙሉእ መዓልቲ መጓዓዚ ትኬት ብሕሱር ዋጋ ኣለዎም፣ ብዝያዳ ኣብ ትነብሩሉ ኮሚዩን ብምኻድ ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ካብ ዓለም ቀዳመይቲ**

ህዝቢ ስዊስ ካብ ዓለም ካብቶም ቀዳሞት መጓዓዝያ ባቡር ተጠቀምቲ እዮም፤ ብማእከላይ ገምጋም ዓመታዊ 2300 ኪሎ ሜትሮ ብባቡር ይጓዓዙ።

ህዝባዊ መጓዓዝያ ናይካንቶን ፍሪቡርግ ጥራይ ምጥቃም እንተድኣ ደሊኹም FriMobil ዝበሃል ናይ ወርሓዊ ወይ ከኣ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ትኬት ንዝተፈላለዩ ቦታታት (ዞናት) ወይ ከኣ ንሙሉእ ፍሪቡርግ ክትገዝኡ ትኽእሉ።

www.frimobil.ch

**ህዝባዊ መጓዓዝያ ፍሪቡርግ**

www.tpf.ch

## መንቐሳቐሲታት ብዘይነዳዲ፤ ብሽክለታትን ኣጋርን

ኣብ ስዊስ ብዙሕ ሰባት ናብ ስራሕ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ፣ ወይ ከኣ ናብ መዘናግዒ ቦታታት ንምኻድ ብብሽክለታ ከምኡ' ውን ብእግሪ ምጉዓዝ ይመርጹ። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ዓይነት መንቀሳቐስቲ፣ ኣየር ዘይብኩሉን፣ ዝተሓተ ክፍሊት ዘለዎም ኮይኖም ከምኡ' ውን ንጥዕና ኣዝዮም ጠቐምቲ እዮም። ናጻ ናይ ብሽክለታ ኣገልግሎት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ፍሪቡርግ ብ PubliBike ቐሪቡ ይርከብ። ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝተፈላለዩ ናይ ብሽክለታ ቱሪዝም መገድታት ተዳልዮም ይርከቡ። (cyclotourisme/Velowege)(ናይ ብሽክለታ ቱሪዝም) ማለት፣ ብብሽክለታ እንዳተዛወርና ዓዲ ንርኢሉ ቦታታት እዩ።
ንስኻትኩምን ስድራቤትኩም ናይ ሓደጋ ውሕስነትን ናይ ሓላፍነት ውሕስነት ከምዘለኩም ከተረጋግጹ ኣድላይ እዩ። (assurance responsabilité civile et assurance accidents/ Privathaftplichtversicherung und Unfallversicherung)

**ብብሽክለታ ምንቅስቓስ**

www.pro-velo-fr.ch
www.veloland.ch
www.publibike.ch

## መካይን

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ከም ኩሉ ነበርቲ ስዊስ ካብ ክልተ ሰብ ሓደ ተጠቃሚ ማኪና እዩ። ማኪና ንምንቅስቓስ ናይ መምርሒ ፍቓድን ውሕስነት ናይ ማኪና (permis de conduire et une assurance véhicule/Führerschein und Fahrzeugversicherung) ምሓዝ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ስዊስ ዝኽፈለሉም ዓበይቲ ጎደናታት (autoroutes/Autobahnen) የለውን፣ ብኻልእ ወገን ኣብ ኩሉ ዓበይቲ ጎደናታት ስዊስ ማኪና ንምንቅስቓስ ብ40 ፍራንክ ዝግዛእ (ንዓመት ዋጋ 2017) ቪኜት (vignette/Vignette) ኣብ ውሽጢ ማኪና ክንጥቅዕ ኣለና። ቪኜት ኣብ ዝተፈላለ ቦታታት ክንገዝእ ንኽእል፣ ንኣብነት ኣብ ናይ ጉምሩክ ኣገልግሎት፣ ጋራዥ፣ ቤት ጽሕፈት ፖስጣ፣ ወዘተ።

### ምእታው ውልቃዊ መካይን

ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ስዊስ ቅድሚ ምምጻእኩም ዝገዛእኹሞ ማኪና ቀረጽ ክትከፍሉ ኣይግብኣኩምን እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግን ናይ ስዊስ ታርጋ ክትቅይሩ ይግበኣኩም። ብኣንጻሩ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ወርሒ ናብ ስዊስ ቅድሚ ምምጻእኩም ዝገዛእኹሞ ማኪና ዝተፈላለየ ቀረጽ ክትከፍሉ ይግበኣኩም። ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ከኣ ናይ ስዊስ ታርጋ ክትቅይሩ ይግበኣኩም።
ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምእታው ውልቃዊ መካይን ኩነታት መስርሕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ጉምሩክ ይፍጸም።



**ምቕያር መምርሒ ፍቓድ**

ኣብ ስዊስ ዝነብሩ ወጻእተኛታት መምርሒ ፍቓድ ናይ ሃገሮም ዘለዎም፣ ናብ ናይ ስዊስ መምርሒ ፍቓድ ንምቕያር ናይ 12 ኣዋርሕ ግዜ ኣለዎም። እንተኾነ ግን ክማላእ ዝግብኦ ቅጥዕታት ከከምዝመጽእሉ ሃገር ዝተፈላለየ እዩ። ንምቕያር መምርሒ ፍቓድ ከምኡ'ውን ታርጋ ማኪና ንምውጻእ ኣብ ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድርን ባሕርን ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ብምኻድ ከተማልእዎ ዝግባእኩም ቅጥዒታትን ዝተፈላለየ ሓበሬታን ትረኽቡ። ብተወሳኺ ናይ ኩሉ ተሽከርከርቲ ሞተር ዝምልከቶ ሕቶታትውን ይምልሰልኩም።

> [24] ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድርን ባሕርን ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ

## ምምራሕ ተሽከርከርቲ ኣብ ስዊስ

ዝሰዕብ ሕግታት ናይ ፍጥነት ገደባት ብሃገር ውሽጢ፣
50 ኪ/ሜ ኣብ ሰዓት ኣብ ውሽጢ ከተማ፣ 80 ኪ/ሜ ኣብ ሰዓት ካብ ከተማ ወጻኢ፣
120 ኪ/ሜ ኣብ ሰዓት ኣብ ዓበይቲ ጎዳናታት፣ ከምኡ'ውን 30 ኪ/ሜ ወይ 20 ኪ/ሜ ኣብ ሰዓት ገደብ ፍጥነት ዘለዎም ከባቢታት ክሕልው ይኽእሉ ኢዮም። ካብ 0,5 ‰ ዝለዓለ መጠን ኣልኮል ሰቲኻ መኪና ምምራሕ ኣይፍቀድን እዩ። ንፍሉያት መራሕቲ መካይን፣ ንኣብነት ሞያዊ መራሕ መኪና፣ ተልመዴን፣ ግዝያዊ መምርሒ ፍቓድ ንዘለዎም ኣብ መኪና ዝመርሑሉ ግዜ መስተ ክሰትዩ ኣይፍቐደሎምን እዩ።
ሰባት ብእግሮም መንገዲ ኣብ ዘቋርጹሉ ጊዜ ኩለን ተሽከርከርቲ ናይ ድው ምባል ግዴታ ኣለወን። ብዝበለጸ ከኣ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ጥንቃቐ ምግባር ኣድላይ ኣዩ። ኩለን ተሽከርከርቲ ኣብ ሴማፎሮ ጠጠው ምስበላ ሞተር ምጥፋእ ኣድልይ እዩ።

> [24] ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድርን ባሕርን ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ

# 9. ስራሕ

*ስራሕ ምስራሕ ድሌት ናይ ገዛእ ርእስኹምን ናይ ስድራቤትኩም ንምምላእ፣ ኣብ ትነብረሉ ከተማ ንምውህሃድ ከምኡ'ውን ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ንምልላይ ዝሕግዝ እዩ።*

## ምድላይ ስርሕ

ስራሕ ንምርካብ ዝሕግዙና መገዲታት፣

- ንትፈልጡዎም ሰባት ብምሕታት፣
- ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ወይ ከኣ ኣብ ጋዜጣ ዝርከብ ናይ ስራሕ ምልክታ ብምክትታል፣
- ኣብ ዌብ ሳይት (ኢንተርኔት) ብምድላይ፣
- ናብ ትካላት ብቐጥታ ሰነዳትኩም ብምስዳድ፣
- ንምድላይ ስራሕ ዝሕግዙኹም ትካላት (agences de placement/Stellenvermittlungsbüros) ብምምዝጋብ፣
- ኣብ ኦኣርፒ (ORP, Office régional de placement/RAV, Regionales Arbeitsvermittlungszentrum) ብምምዝጋብ

**ስራሕ ንምርክብ ዝሕግዙ ዌብ ሳይት (ኢንተርኔት)**

**ፈረንሳ**: www.fr.ch/spe

**ኣልሞ**: www.fr.ch/ama

www.espace-emploi.ch

www.travailler-en-suisse.ch

www.voies-du-travail.ch

## ደሞዝን ማህበራዊ መዋጽኦን

ኣብ ስዊስ ደሞዝ ናይ ሰራሕተኛ ዝለዓለ እዩ፣ እቲ መነባብሮኣዊ ወጻኢታት'ውን ክቡራት እዮም። ንኩሉ ሞያታት ዝተሓተ ደሞዝ ክንድ'ዚ እዩ ተባሂሉ ብህጋዊ ዝተመዝገበ የለን። ይኹን እምበር ብዙሓት ትካላት ብሓባራዊ ስምምዕ ዝጥቐምሉ ዝተሓተ ደሞዝ ኣሎ። ካብ ደሞዝና ግዴታዊ መዋጽኢ ንመድሕን ናይ ጥሮታን (AVS/AHV)፣ መድሕን ክሰርሕ ዓቅሚ ንዘይብሉ፣ መድሕን ንስራሕ ደው ዘበሉ ሰራሕተኛታት (assurance chômage/Arbeitslosenversicherung) ወዘተ ይቑረጽ'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ዚ፣ ደሞዝኹም ዓመታዊ ልዕሊ

21’150 ፍራንክ ስዊስ እንተኾይኑ (ኣብ 2017) ተወሳኺ መዋጽኢ ንካልኣይ ደረጃ (prévoyance professionnelle LPP/Berufliche Vorsorge 2. Säule) ይቑረጽ’ዩ። LPP/2.Säule ማለት ልዕሊ መድሕን ናይ ጥሮታ ተወሳኺ ናይ ጡረታ ገንዘብ ዝቕመጠሉ ኣካል’ዩ። ብሓፈሻ ብዝሒ ተቖራጺ ናይ ግዴታዊ መዋጽኢ ብገምጋም ከባቢ 15% ካብ ኣታዊ ይኸውን።
መድሕን ናይ ጥዕና’ውን ግዴታ’ዩ ግና ካብ ደሞዝካ ዝቑረጽ ዘይኮነ ብፍሉይ ዝመጽዕ ክፍሊት (ፋክቱር) ኮይኑ፣ ካብ ኣታዊኻ ባዕልኻ ትኸፍሎ’ዩ። (ምዕራፍ 10 ብዛዕባ ጥዕና ተመልከት)።

## ግብሪ

ኣብ ስዊስ ኩሎም ኣታዊ ደምዝ ወይ ዑቑር ገንዘብ ዘለዎም ሰባት፣ ብመጠን እቲ ኣታዊኦም ወይ ዑቑር ገንዘቦም ግብሪ ክኸፍሉ ግዴታ’ዩ። እዚ ንመንግስቲ ስዊስ ዝኽፈል ናይ ግብሪ ገንዘብ ኣብ ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት ይውዕል።
ድሕሪ ቅሩብ ጊዜ ምስጸናሕኩም ኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶናል ንትኸፍልዎ ግብሪ ንምግማት ቅጥዒ ወይ ፎርም ዝምላእ ይሰደልኩም።
ብጀካ መንበሪ ፍቓድ ሴ (permis C/Ausweis C) ዘለዎም እቲ ትሰርሑሉ ትካል በብወርሒ እቲ ግቡዕ ዝኽፈል ግብሪ እንዳቐረጸ ንኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶናል ይኸፍል። እዚ ኣሰራርሃ ከኣ ኣምፖ ኣ ላ ሱርስ ይበሃል (impôt à la source/Quellensteuer)።
መንበሪ ፍቓድ ሴ እንድሕር ኮይኑ፣ ኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶናል ኩልግዜ ኣብ ወርሒ መስከረም፣ ቅጥዒ ወይ ፎርም ዝምላዕ ይሰደልኩም። ወይከኣ ብኢንተርኔት FriTax ዝባሃል ናጻ ፕሮግራም ብቐጥታ ኽትመልኡ ትኽእሉ። ጸገማት እንድሕር ኣጋጢምኩም ናብ ኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶን ፍሪቡርግ ወይ ከኣ ክፈሊት ዘለዎ ፊዱሲየር (fiduciaire/TreuhänderIn) ክትኸዱ ትኸእሉ።
ፊዱሲየር ማለት ብክፍሊት ከም ወኪል ኮይኖም ግብሪ፣ ሕሳብ ወዘተ ዝሰርሑ ትካላት እዮም።

> [25] ኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶናል

**ፕሮግራም FriTax**
**ፈረንሳ**: www.fr.ch/scc
**ኣልሞ**: www.fr.ch/kstv

**ፊዱሲየር (fiduciaires-Treuhänder) ኣብ ካንቶን ፈሪቡርግ ዝሰርሑ**
www.les-fiduciaires.ch

## ሓገዝ ንምቁጽጻር ገንዘብ ኣታውን ወጻእን (ባጀት)

ንሓደ ስድራቤት ኣታዊታቱን ወጻኢታቱ (ባጀት) ንምቍጽጻር ቀሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ኣታዊታትን ወጻኢታት ዝፈላለ እንተኾይኑ ከምኡ’ውን ናይ ስድራቤትኩም ኩነታት እንተተቐይሩ ናኣብነት ከም ቆልኣ ምወላድ፥ ዝመሃሩ ቖልዑ፥ ገዛ ምቕያር፥ ካብ ሓዳር ምፍልላይ፥ ስራሕ ኣልቦ ምኧን፥ ወይ ከኣ ጡረታ ምውጻእ፥ ንወርሓዊ ኣታዊታትኩምን ወጻኢታትኩም ክቕይሮ ይኽእል። ስለዚ ኣድላይ እንተኾይኑ ኣታውን ወጻእን ንምቁጽጻር ዝሕግዙ ፍሉይ ውድባት ኣለው።

**ፈረንሳ**

www.frc.ch

**ፈረንሳን ኣልሞን**

www.caritas-fribourg.ch/fr

www.caritas-fribourg.ch/de

www.impulsmurten.ch

**ሓገዝ ንምቁጽጻር ዕዳ ወይ ለቓሕ**

ኣብ ስዊስ ብዙሓት ሰባት ለቓሕ ገንዘብ ይወስዱ፥ ምኽንያቱ ፋክቱራት ንምኽፋል ገንዘብ ይሓጽሮም ወይ ከኣ ብዙሕ ወጻኢታት ብናይ ለቓሕ ካርድ ብምጥቃም ናብ ዕዳ ይኣትው። ሓደ ነገር ምስ ተቀየረ ንኣብነት ከም ካብ ሐዳር ምፍልላይ፥ ስራሕ ኣልቦ ምኧን ወዘተ . . ነቲ ኩነታት ከጋድዶ ይኽእል። ሓንሳብ ኣብ ዕዳ ምስትኣትው ካብ’ቲ ዕዳ ብዘይ ሓገዝ ናይ ሰብ ሞያ ምውጻእ ከቢድ እዩ። ነዚ ናይ ዕዳ ኩነታት ንምግታእ ወይ ንምክልኻል ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ፍሉይ ውድባት ብምኻድ ምኽርን ሓገዝን ክትረኽቡ ትክእሉ።

**ፈረንሳ**

www.caritas-fribourg.ch

www.dettes.ch

**ኣልሞ**

www.caritas-fribourg.ch/de

www.schulden.ch

## ማሕበራዊ መድሕን

ኣብ ስዊስ ካብዘለዋ ማሕበራዊ መድሕን ቀዳማይ መድሕን ናይ ጥሮታ (AVS/AHV) እዩ። ዜጋ ስዊስ ወይ ካኣ ወጻእተኛ ብስራሕ ኣታዊ ገንዘብ ዝረክብን ዘይረክብን (ዝሰርሕን ዘይሰርሕን) ኣብ ስዊስ ዝነብር ኩሉ መድሕን ናይ ጥሮታ መሰል ኣለዎ። ኣብ ጊዜ ናይ ስራሕ ኣልቦ መድሕን ናይ ጥሮታ ምክፋል ክትርስዕዎ የብልኩምን።
ጡረታ ዝውጻኣሉ ዕድመ ንደቂ-ተባዕትዮ 65 ዓመት ክምኡ'ውን ንደቂ-ኣንስትዮ 64 ዓመት እዩ (2017)።
ኣቐዲምካ ጡረታ ምውጻእ ይከኣል'ዩ፣ ግን ናይ ጡረታ ኣታዊ ገንዘብኻ ክውሕድ'ዩ።
ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ (Caisse de compensation du canton de Fribourg/Ausgleichskasse des Kantons Freiburg) ብምኻድ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ናይ መድሕን ክሰርሕ ዓቕሚ ዘይብሉ መዋጽኢ፣ ምስ መድሕን ናይ ጥሮታን ብሓንሳብ እዩ ዝቑረጽ።
እዚ ውሕስነት ንምስራሕ ዓቕሚ ኣብ ንስእነሉ ግዜ፣ ዝተፈላለ ሓገዝ፣ ንኣብነት ደጊምና ናብ ስራሕ ዓለም ንምለሰሉ ባእታታት ይፈጥሩ፣ እንተ ዘይተኻእለ ከኣ ንመነባብሮ ዝኸውን ገንዘብ ይሕግዙ።

> [26] ኣገልግሎት ናይ መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ
> [27] ቤት ጽሕፈት ውሕስነት ክሰርሕ ዓቕሚ ንዘይብሉ ናይ ፍሪቡርግ

## መድሕን ስራሕ ኣልቦ

መድሕን ስራሕ ኣልቦ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ካብ ደሞዝ ኣንዳተቐረጸ ናብ መዋህለሊ ካሳ ዝቕመትእዩ። እዚ መድሕን እዚ ኣብ ስራሕ ደው ኣብ ነብለሉ ግዜ ከም መተካእታ ደሞዝ ይህብ።
ናይ ስራሕ ኣልቦ ውሕስነት መሰል ንክህልወኩም መጀመርታ መንበሪ ፍቓድ ክሕልወኩም ኣለዎ ክምኡ'ውን ካብ ትምዝገቡሉ መዓልቲ ጀሚሩ ቅድሚ ክልተ ዓመታት ኣብ ስዊስ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ክትሰርሑ ኣለኩም። ንመጀመርታ ጊዜ ናብ ስዊስ ዝመጸ ወጻእተኛ ዜጋ ናይ ስራሕ ኣልቦ ውሕስነት ተጠቃሚ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።
ብሓደ-ሓደ ፍሉይ ኩነታት ንመብዛሕትኦም ናይ ኣውሮፓ ዜጋታት ኣብ ካልእ ሃገር ዝሰርሑዎ ግዜ ብምግምጋም ናይ ስራሕ ኣልቦ ውሕስነት ተጠቃሚ መሰል ክረኽቡ ይኽእሉ። ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት መድሕን ስራሕ ኣልቦ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

> [28] ህዝባዊ ኣገልግሎት ናይ ስራሕ

**ዌብ ሳይት ዝርዝር ስምን ኣድራሻታትን ናይ ኣገልግሎት ስራሕ ኣልቦ**

ፈረንሳ፡ www.fr.ch/spe

ኣልሞ፡ www.fr.ch/ama

**ስራሕ ምስኣን**

ኩሉ ሰብ ስራሕ ደው ምስበለ ናብቲ ዝምልከቶ ኣካል ቖልጢፉ ክሕብር ኣለዎ። ነበርቲ ፍሪቡርግን ቪላር-ሱር-ግላን ኣብ ዝነቡርሉ ምምሕዳር ኮሚዩን ክይዶም ክፍልጡ ወይ ክኣ ክምዝገቡ ኣለዎም። ነበርቲ ካልኦት ንኣሽቱ ኮሚዩናት ክኣ ናብ ቤት ጽሕፈት ንኡስ-ዞባ ወይ ኦ ኣር ፔ (ORP/RAV) ብምኻድ ክፍልጡ ወይ ክኣ ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚዩን ወይ ኦ ኣር ፔ (ORP/RAV) ናይ ስራሕ ኣልቦ ውሕስነት ክፍሊት ንምውሳድ ኣድላይ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ናይ ስራሕ ኣልቦ ውሕስነት ንምምዝጋብ፡**

ፈረንሳ፡ www.fr.ch/spe

ኣልሞ፡ www.fr.ch/ama

**ዌብ ሳይት ዝርዝር ስምን ኣድራሻታትን ቤት ጽሕፈት ዞባዊ ሓገዝ መድለይ ስራሕ**

ፈረንሳ፡ www.fr.ch/spe

ኣልሞ፡ www.fr.ch/ama



## ማሕበራዊ ሓገዝ

ማሕበራዊ ሓገዝ ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ስርዓት ናይ መወዳእታ መርበብ እዩ። ዕላማ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ሓደ ውልቀ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ምኽኣል ከምኡ'ውን ምውህሃድ ንምብርትታዕ እዩ።
ይኹን እምበር ነዚ ማሕበራዊ ሓገዝ ተጠቃሚ ንምኳን፡ ንገዛእ ርእሱ ምኽኣል ወይ ከኣ ንስድራቤቱ ምእላይ ከም ዘይኽእል ከፍልጥን፡ ብተወሳኺ ካብቶም ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ውሕስነት ሓገዝ ንምርካብ ሕጋዊ መሰል ምስተረጋገጸ ጥራሕ'ዩ።
ኣብ ዝተመሓየሸ ኩነታት እንተበጺሕካ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ ገንዘብ ምምላስ ወይ ከኣ ምክፋል ግድነት'ዩ።

[2] ኣገልግሎት ማሕበራዊ ስጉምቲ

ማሕበራዊ ሓገዝ ንምሕታት ኣብ ትነብረሉ ምምሕዳር (ኮሚዩን) ወይ ከኣ ኣብ ናይ ዞናዊ ማሕበራዊ ሓገዝ ብምኻድ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።
ናይ ምምሕዳር (ኮሚዩን) ወይ ከኣ ኣብ ናይ ዞባዊ ማሕበራዊ ሓገዝ ስምን ኣድራሻታት ዝርዝር ኣብ'ዚ ዝስእብ ዌብ ሳይት ይርከብ።

## ዘይምስምማዕ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ

ምስ መሳርሕትኹም ወይ ምስ ትሰርሕሉ ትካል ዘይምስምማዕ እንተተፈጢሩ ናብ ማሕበር ጉዳይ ሰራሕተኛታት ፍሪቡርግ (Union syndicale fribourgeoise/Freiburger Gewerkschaftsbund) ወይ ከኣ ብቀጥታ ሞያዊ ማሕበር ጉዳይ ሰራሕተኛታት (syndicat de votre branche de travail/die für ihre Branche zuständige Gewerkschaft) ብምኻድ ምኽሪ ክትረኽቡ ትኽእሉ።
ቅድሚ ናብ ቤት ፍርዲ ብምኻድ፡ ገንዘብኩምን ግዜኹምን ካብ ምኽሳር ጉዳይኩም ብናጻ ኣተዓራቒ ኣካል (médiation/Mediationsstelle) ክትውድእዎ ይምረጽ።

> [29] ማሕበር ጉዳይ ሰራሕተኛታት ፍሪቡርግ

**ሓበሬታ ኣተዓረቕቲ**

**ዝርዝር ዌብ ሳይት ኣድራሻታት**

**ፈረንሳ**: www.fr.ch/sj

**ኣልሞ**: www.fr.ch/aj

www.fribourg-mediation.ch

ሓደ - ሓደ ሕማቕ ስነምግባራት ብፍላይ ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ብሕጊ ዝተኸልከሉ እዮም። ንኣብነት ምስ ኣንጻር ጾታዊ ጽዩፍ ስነምግባር፣ ንኣእምሮ ዝትንክፍ ዝርርብ፣ ጸርፍን ምንሻውን ብሕጊ የቕጽዕ እዩ።

> [30] ቤት ጽሕፈት ማዕርነት ደቂ - ተባዕትዮን - ደቂ - ኣንስትዮን ስድራቤትን
> [13] ምክብባር «ሰ ሬስፔክቴ – ሬስፔክት ፍዩር ኣለ» , ኣገልግሎት ኣማኸርትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነት ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ካሪታስ ስዊስ፣ ክፍሊ ፍሪቡርግ

**ኣንጻር ጾታዊ ጽዩፍ ስነምግባር**

**(harcèlement sexuel/Sexuelle Belästigung)**

www.harcelementsexuel.ch

## ምክልኻል ካብ ስራሕ ምስጓግ

ኣስረሕቲ ወይ ትካላት ንሰራሕተኛታቶም፣ ብሕማም፣ ብሓደጋ፣ ብጥንሲ ከማኡ ' ውን ብናይ ሕርሲ ዕረፍቲ ምኽንያት ብምግባር ምስጓግ ከምዘይከኣል ሕጊ ሓለዋ ይገብር። በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ምኽንያታት ካብ ስራሕ ምስጓግ ብሕጊ ኩልኩል እዩ።
ይኹን እምበር ብኻልእ ቅኑዕ ዘይኮኑ ምኽንያታት ከምኡ ' ውን ብኩራት ብምብዛሕ ናብ ስራሕኩም ንኽትምለሱ ኣሸጋሪ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት፣ ወይ ከኣ ምስትስጎጉ፣ ከም ኩነታቱ ተራኢዩ ምስ ' ቲ ትሰርሕሉ ትካል ብምዝታይ ወይ ከኣ ናብ ቤት ፍርዲ ብምኻድ ካሕሳ ክርከብ ይከኣል።

> [29] ማሕበር ጉዳይ ሰራሕተኛታት ፍሪቡርግ

## ስራሕ ብጸሊም

ኩሉ ብግቡእ ዝሰርሕ ሰብ፣ ንኣብነት ስራሕ ጽሬት፣ ሰራሕተኛ ገዛ፣ ጀርዲነር፣ ከምኡ' ውን ቆልዑ ምሓዝ ወዘተ፣ ከም ሓደ ግቡእ ሰራሕተኛ ኮይኖም ኣብቶም ኣድለይቲ ማሕበራዊ ውሕስነት ተመዝጊቦም ግብኦም ክኸፍሉ ኣለዎም። ብኣንጻሩ ኣብቶም ኣድለይቲ ማሕበራዊ ውሕስነት ከይተመዝገብኩም ወይ ከየፍለጥኩም ምስትሰርሑ፣ ስራሕኩም ዘይሕጋዊ ይኸውን። ዘይሕጋዊ ስራሕ ዝሰርሑ ሰባት ካብ ማሕበራዊ ውሕስነት ከም መድሕን ስራሕ ኣልቦ፣ መድሕን ክሰርሕ ዓቕሚ ዘይብሉ፣ መድሕን ናይ ሓደጋታት፣ መድሕን ናይ ጥሮታ ዝርከቡ መሰላት የብሎምን።

ትካላት ንሰራሕተኛታቶም ኣብ ኩሎም ኣድለይቲ ማሕበራዊ ውሕስነት ከመዝግቡዎም ግዴትኦም እዩ።
ምምሕዳራዊ ኣሰራርሓ ንምፍኳስ ኣብ ማሕበር ምርግጋጽ ስራሕ (Association Chèque Emploi/Verein Service Check) ብምኻድ ክትውከሱ ትኽእሉ።

> [31] ማሕበር ምርግጋጽ ስራሕ – ማእከል ምውህሃድ ማሕበራውን-ሞያዊ

**ዘይሕጋዊ ስራሕ**
www.pas-de-travail-au-noir.ch

# 10. ጥዕና

*ጥዕና ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ልዕሊ ኩሉ እዩ። ስለ'ዚ ጥዕናኹም ክትሕልውዎ ኣገዳሲ እዩ።*

## መድሕን ናይ ጥዕናን መድሕን ናይ ሓደጋታት (ግዴታዊ)

ካብ ካልእ ሃገር ወይ ከኣ ካብ ካልእ ካንቶን ምስትመጹ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ምስክርነት መድሕን ጥዕና ናብ ሓዱሽ ኮሚዩንኩም ክተቕርቡ ኣለኩም።
መድሕን ጥዕና ግዴታዊ ኮይኑ ኣብ ግዜ ሕማም፥ ኣብ ግዜ ጥንስን ሕርስን፥ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ሓደጋ ውሕስነት ይህበኩም።
መድሕን ጥዕና ሕክምናዊ ኣገልግሎት፥ መድሃኒታት (ኣብ ዝርዝር ሊስት ዝርከቡ) ከምኡ'ውን ኣብ ሆስፒታል ደቂስካ ንዝግበር ሕክምናዊ ኣገልግሎት (ናይ ሓባር መደቀሲ ክፍሊ) ወጻኢታት ይሸፍን።
ኣብ ልዕሊ ግዴታዊ መድሕን ጥዕና ዝኾነ ሰብ ተወሳኺ መድሕን ጥዕና ክኣቱ ይኽእል። (assurances complémentaires/Zusatzversicherungen) እዚ ተወሳኺ መድሕን ጥዕና ከም ንበይንኻ ኣብ ሓደ ክፍሊ ምድቃስ (chambre privée/Private Abteilung) ወዘተ ይሸፍን።
ኩሎም ሰራሕተኛታት መድሕን ሓደጋ ናይ ግድን ኣለዎም። ስራሕ ኣብ ዝጀመርኩምሉ ግዜ መድሕን ሓደጋ ብስራሕ ግዴታዊ ስለዘለኩም ምስ መድሕን ጥዕና ዝተሓሓዘ ውሕስነት ሓደጋኹም ክተቛርጽዎ ይግባኣኩም፥ እንተዘይኮይኑ ብክልቲኡ ሸነኽ ክትከፍሉ ኢኹም።
ስራሕ ኣብ ዘቛረጽኩምሉ ግዜ ከኣ ነቲ ናይ መድሕን ሓደጋ መሊስኩም ክትኣትው ይግባኣኩም።

**መድሕን ጥዕና (assurance-maladie/Krankenversicherung)**
ፈረንሳ: www.ofsp.admin.ch
ኣልሞ: www.bag.admin.ch

**መድሕን ሓደጋታት (assurance-accidents/Unfallversicherung)**
ፈረንሳ: www.ofsp.admin.ch
ኣልሞ: www.bag.admin.ch

**ሓፈሻዊ ሓበሬታ ናይ መድሕናት ዎጋ**

www.priminfo.ch

**ሆስፒታል ፍሪቡርግ (Hôpital fribourgeois/Freiburger Spital)**

www.h-fr.ch

**ሓገዝ ገንዘብ ንወርሓዊ ክፍሊት መድሕን ጥዕና**

ምምሕዳር ካንቶን ፍሪቡርግ ንዝነኣሰ ኣታዊ ዘለዎም ውልቀ-ሰባት፣ ሰብ ሓዳር ከምኡ'ውን ስድራቤታት ንወርሓዊ ክፍሊት መድሕን ጥዕና ሓገዝ ገንዘብ ይህብ።

ሓገዝ ገንዘብ ናይ መድሕን ጥዕና ንምሕታት ስሩዕ ቅጥዒ ብምምላእ ቅድሚ 31 ነሓሰ ህሉው ዓመት ብቐጥታ ኣብ ኣገልግሎት መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣብ ጂቪዚዬ (Givisiez) ክተመልክቱ ኣለኩም።

ሓገዝ መሕተቲ ቅጥዒ ኣብዚ ዝስዕብ ሲት ኢንተርኔት ናይ ኣገልግሎት መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ይርከብ።

> [26] ኣገልግሎት መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ

**ኣብ ጸገም ዘለው ሰባት**

ኣብ ጸገም ኩነታት ዘለው ሰባት ሓገዝን ምኽርን ኣብ ማሕበር ፍሪ-ሳንቴ (Association Fri-Santé/Verein Fri-Santé) ክረኽቡ ይኽእሉ። «ኤስፓስ ደ ስዋ»(espace de soins/Raum für Behandlung) ቦታ ጥዕና ጥንቃቐ ዝበሃል ኮይኑ ፕሮግራሙ ከኣ ንኹሉ ሰብ መድሕን ጥዕና ዘለዎን ዘይብሉን፣ መንበሪ ፈቓድ ዘለዎን ዘይብሉን፣ ብናጻ ሓገዝን ምኽርን ከምኡ'ውን ማሕበራዊ-ሕክምና ኣገልግሎታት ይህብ።

ብተወሳኺ ማሕበር ፍሪ-ሳንቴ «ግሪሴሊድስ» (Grisélidis) ብዝበሃል ፕሮግራሙ ንሞያዊ ሰራሕተኛታት ጾታዊ ርክብ (ኣመንዝራታት) ምልላይ ጥዕናን ምክልኻል ቅድመ ኩነታት ምኽሪ ይህብ።

> [12] Fri-Santé – Espace de soins/Raum für Behandlung
> ፍሪ-ሳንቴ – ኤስፓስ ደ ስዋ

> [32] Fri-Santé – Grisélidis Fribourg ፍሪ-ሳንቴ – ግሪሴሊዲስ ፍሪቡርግ

**ናይ ዕድመ ጸጋ**

ብዓለም - ለኻዊ ደረጃ
ናይ ስዊስ ደቂ - ተባዕትዮ
ብማእከላይ ገምጋም
81,3 ዓመት ነዊሕ ዕድመ
ክምዘለዎም ይፍለጥ።
ብተመሳሳሊ ደቂ - ኣንስተዮ
ማእከላይ ገምጋም 85,3 ዓመት
ዘለዎን ኾይነን ኣብ ዓለም
6ይ ደረጃ ሒዘን ይርከባ።
(ማእከላይ ገምጋም ናይ 2015)

## ሓካይም

ኣብ' ዚ ዓዲ ምስመጻእኩም ናብ ሓደ ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ከኣ ናይ ስድራቤት ሓኪም መሪጽኩም ክትምዝገቡ ኣገዳሲ እዩ። ሕማም ምስ ዘጋጥመኩም ኩሉ ግዜ ቀልጢፍኩም ናብ ሓኪምኩም ክትኸዱ ይግበኣኩም። ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ከኣ ናይ ስድራቤት ሓኪምኩም ባዕሎም ይሕክሙኹም፣ ኣድላይ እንተ ኮይኑ ከኣ ናብ ካልኦት ክኢላታት ሓካይም ወይ ሆስፒታል የመሓላልፉኹም። ሓኪምኩም ትኣምንዎን ዝርድኣኩም ሰብ ክኸውን ኣለዎ። ሓካይም ንሕሙም ዓሚሎም እንተደኣ ድሕረ - ባይታኡ ጽቡቕ ጌሮም ዝፈልጥዎ ኮይኖም፣ ብዝቐለለ ሕማሙ ክፈልጥዎ ይኽእሉ። ኣድራሻታት ናይ ሓፈሻዊ ክኢላ ሓካይም ወይ ከኣ ናይ ስድራቤት ሓካይም ኣብ ቁጽሪ ስልኪ መውጽኢ፣ ብኢንተርኔት ወይ ከኣ ንትፈልጥዎም ሰባት ብምሕታት ትረኽቡ።

**ዝርዝር ኣድራሻታት ሓካይም ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ**
www.smcf.ch
**ኣገልግሎት ናይ ካንቶናል ሓካይም**
ፈረንሳ: www.fr.ch/smc
ኣልሞ: www.fr.ch/kaa

## ሕጹጽ ሕክምና

ብሕጹጽ ኩነታት ግዜ ናይ ስድራቤት ሓኪምኩም ክርከብ ዘይከኣል እንተኾይኑ ኣብ ተረኛ ሓኪም ናይ ንኡስ - ዞባኹም ወይ ከኣ ኣብ ካንቶናል ሆስፒታል ክትኸዱ ትኽእሉ። ኣብ ኣዝዩ ሕጹጽ ኩነታት ገዜ ኣብ ቁጽሪ ስልኪ 144 ክትድውሉ ትኽእሉ። (ናይ ሕጹጽ ጥዕና ማእከል)

| ቁ/ስልኪ ተረኛ ሓካይም ብ ንኡስ - ዞባ (District/Bezirk) | |
|---|---|
| **ሳሪን/Sarine/Saane** | 026 304 21 36 |
| **ግላን/Glâne** | 026 304 21 36 |
| **ግሩየር/Gruyère/Greyerz** | 026 304 21 36 |
| **ላክ/Lac/See** | 0900 670 600 |
| **ቬቬዝ/Veveyse/Vivisbach** | 026 304 21 36 |
| **ሳንገርን/Singine/Sense** | 026 418 35 35 |
| **ብርዋ/Broye** | 0848 133 133 |

| Hôpital fribourgeois/Freiburger Spital HFR<br>Hospital friburgués HFR, www.h-fr.ch | |
|---|---|
| **ፍሪቡርግ/Fribourg/Freiburg** | 026 306 00 00 |
| **ቢየንስ/Billens** | 026 651 61 11 |
| **ሪያ/Riaz** | 026 919 91 11 |
| **መይሪዬ - ሙርተን/Meyriez-Murten** | 026 306 70 00 |
| **ታፈርስ/Tafers** | 026 306 60 00 |
| **Hospital intercantonal de la Broye<br>Fribourg-Vaud, www.hopital-broye.ch** | |
| **ፓየርን/Payerne** | 026 662 80 11 |
| **ኤስታቫዬ - ለ - ላክ/Estavayer-le-Lac** | 026 664 71 11 |

| ክልኣት ኣገደስቲ ስ/ቁጽሪታት | |
|---|---|
| **ተረኛ ቤት መድሃኒት** | 026 304 21 40 |
| **ሓኪም ቖልዑ (3 ፍራንክ ኣብ ደቒቓ)** | 0900 268 001 |
| **ህጹጽ ናይ ስነ-ኣእምሮ** | 026 305 77 77 |

## ሕክምና ኣስናን

ብሓፈሻ ናይ ሕክምና ስኒ ንኣብነት ስነ-ኣስናን ምምሽማሽ፣ ወይ ከኣ ስነ-ኣስናን ቦታ ምትዕርራይ (ስነ-ኣስናን ሕክምና) ብናይ ግዴታዊ ጥዕና መድሕን ኣይሽፈንን እዩ። ቖልዑ እንተድኣ ኣለኩም ክመጹ ንዘኽእሉ ሕማም ኣስናን ንምክልኻል ናይ ስነ-ኣስናን ሕክምና መድሕን ክታኣትውሎም ትኽእሉ።
ኣገልግሎት ስኒ ኣብ ቤት ትምህርቲ (Service dentaire scolaire/Schulzahnpflegedienst) ናብ ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ ዝኸዱ ቖልዑ ስነ-ኣስናን ሕክምና ይህብ።

> [33] ኣገልግሎት ስኒ ቤት ትምህርቲ



## ህጹጽ ሕክምና ኣስናን

| | |
|---|---|
| **ፍሪቡርግ፡** **Friburgo, ሳሪን፡ Sarine/Saane, ሳንገርን፡ Singine/Sense, ላክ፡ Lac/See** | 0848 14 14 14 |
| **ግላን፡ Glâne, ግሩየር፡ Gruyère/Greyerz, ቬቬዝ፡ Veveyse/Vivisbach** | 026 919 35 30 |
| **ብርዋ፡ Broye** | 0848 133 133 |

## ጥዕና ስነ-ኣእምሮ

ዝኾነ ሰብ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾኑ ብዓሉ ክፈትሖ ዘይክእሎ ንስነ-ኣእምሮ ዝትንከፍ ሽግር ከጋጥሞ ይኽእል እዩ።
ኣብ ከም'ዚ ኩነታት ምስ ናይ ሰነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕና ክኢላ ዝኾኑ ሓካይም ክትማኸሩ ኣድላይ እዩ።

> [34] ማእከል ፍሪቡርግ ሕክምና ናይ ስነ-ኣእምሮ

## ኣረጋዉያን

ሓገዝ፡ ደገፍ ወይ ከኣ ምእላይ ንዘድልዮም ኣረጋዉያን ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ማሕበራትን ውድባትን ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ።

> [35] ማሕበር ናይ ፍሪቡርግ ተቛማት ንኣረጋዉያን
> [36] ማሕበር ናይ ፍሪቡርግ ሓገዝን ምክንኻንን ኣብ ገዛ
> [37] ፕሮ ሴኔክቱት ፍሪቡርግ

**ኣገልግሎት ቅድመ ምክልኻል ማሕበረ-ሰብ**

www.fr.ch/sps

## ኣካል ጎደሎ ሰባት

ኣካላዊ ወይ ከኣ ናይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጉድለት ዘለዎም ሰባትን ስድራቤቶምን ኣብ' ዘን ዝስዕባ ቦታታት ብምኻድ ምዕዶ/ምኽሪ ከምኡውን ደገፍ ክረኽቡ ይኽእሉ ፡

- ቤት ጽሕፈት መደሕን ክሰርሕ ዓቅሚ ንዘይብሎም ናይ ካንቶን (Office d'assurance invalidité du canton/Invalidenversicherungsstelle des Kantons Freiburg)
- ኣብ ፕሮ-ኣንፊርሚስ (Pro Infirmis Fribourg – Freiburg) ንቆልዑ ዝምልከት ጉዳይ ከኣ
- ኣብ ኣገልግሎት ትምህርታዊ ጉዕዞ (Service éducatif itinérant/Früherziehungsdienst)

- [27] ቤት ጽሕፈት ውሕስነት ክሰርሕ ዓቅሚ ንዘይብሉ ናይ ፍሪቡርግ
- [38] ፕሮ-ኣንፊርሚስ – ኣገልግሎት ፍሪቡርግ
- [39] ኣገልግሎት ትምህርታዊ ጉዕዞ

## ማእከል ጾታዊ ጥዕና ፍሪቡርግ

ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ጾታዊ ጥዕና እንተድኣ ኣለኩም፣ ናብ ማእከል ናይ ጥዕና ጾታዊ ፍሪቡርግ ብምኻድ ዝተፈላለዩ ሓበሬታን ምኽርን ትረኽቡ። ንኣብነት ብዛዕባ ጥንሲ፣ ምክላኸል ጥንሲ፣ ምንጻል ጥንሲ፣ ጾታዊ ዝንባለ፣ ናይ ጾታዊ ርክብ፣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፣ ጾታዊ በደል ወዘተ ምኽርን ምዕዶን ትረኽቡ።
እዞም ኣገልግሎት ናጻን ምስጢራዊ እዮም .። ብተወሳኺ' ውን መርመራ ናይ ማሕጸን ከምኡ' ውን ናይ መጻረይ መርመራታት (ቼክ-ኣፕ) ክትረኽቡ ትኽእሉ።


- [40] ማእከል ጾታዊ ጥዕና ፍሪቡርግ
- [41] ማእከል ሓገዝን ቅድመ ምክልኻልን ኤች ኣይ ቪ/ኤይድስ

# 11. ካርታ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግን ቁጽር ስልኪ ናይ ህጹጽ ኩነታት (Urgence/Notfall)

**ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ካንቶን ፍሪቡርግ**

| | |
|---|---|
| **ስፋሐት** | 1592 ኪ/ሜ² |
| **ብዝሒ ህዝቢ** | 313’000 |
| **ቋንቋ ቤት-ጽሕፈት** | ፈረንሳ፣ ኣልሞ |
| **ዋና ከተማ** | ፍሪቡርግ |
| | 7 ንኡስ-ዞባታት (Districts/Bezirke)<br>136 ምምሕዳራት (Communes/Gemeinden)<br>(2018) |
| **ሲት ኢንተርኔት ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ** | www.fr.ch |
| **ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን** | www.fr.ch/imr<br>integration@fr.ch<br>026 305 14 85 |

# ካርታ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ
(2018)




Canton
de Vaud
Districts/Bezirke
Estavayer
Prévon-
avaux
Surpierre
La Folliaz
Chénens
Autigny
Arconciel
Senèdes
Ferpicloz
Le Mouret
St. Silvester
Plasselb
Plaffeien
Treyvaux
Gibloux
Villaz-St-Pierre
La Folliaz
Romont
Villorsonnens
Pont-la-
Ville
La Roche
Massonnens
Billens-Hennens
Mézières
Pont-en-Ogoz
Grangettes
Le Châtelard
Sorens
Hauteville
Siviriez
Marsens
Ursy
Montet
Echarlens
Corbières
Riaz
Val-de-Charmey
Sâles
Vuisternens-
dt-Romont
Morlon
Botterens
Crésuz
Châtel-sur-
Montsalvens
Vaulruz
Bulle
Vuadens
Rue
Ecublens
Le Flon
La Verrerie
Broc
Jaun
Le Pâquier
Auboranges
Chapelle
St-Martin
Semsales
Bas-Intyamon
Gruyères
Remaufens
Grandvillard
Granges
Bossonnens
Châtel-Saint-Denis
Attalens
Haut-Intyamon
N
0
2
4
6
8
10 km
See
Lac
Broye
Broye
Sense
Singine
Sarine
Saane
Broye
Glâne
Glane
Gruyère
Greyerz
Veveyse
Vivisbach

## ህጹጽ ኣገደስቲ ቁጽሪታት ኣብ ሙሉእ ስዊስ

| | |
|---|---|
| **ፖሊስ** | 117 |
| **መጥፋእቲ ሓዊ (ሓዊ፡ ማይ፡ ጋዝ)** | 118 |
| **ኣምቡላንስ** | 144 |
| **ማ ቶንዱ (ናይ ኣእምሮ ሕማም)** | 143 |
| **ሓበሬታ ብዛዕባ መርዛምነት (ምምራዝን ምስካርን)** | 145 |

ህጹጽ ኩነታት እንተኣጋጢሙኩም

- ህድእ በሉ
- ነቲ ሓደጋ ኣለልዩ
- ነብስኹም ኣጽልሉ
- ናብ ዝምልከቶ ሓብሩ
- ብዓቅምኹም ሓግዙ

# 12. መርዓን ናብራ ስድራቤትን

*ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፥ መንግስትን ምምሕዳራትን ንስድራቤት ከምኡ'ውን ንህጻናት ዓቢ ዓቃልቦን ሓገዝን ይገብሩ።*

### መርዓ

ኣብ ስዊስ ንኽንምርዕዎ ዕድሜና 18 ዓመት ክመልእ ኣለዎ። ብቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል (Etat civil/Zivilstandsamt) ዝተፈጸመ መርዓ ጥራይ እዩ ሕጋዊነት ዘለዎ።
ቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ክተማልእዎም ዘለኩም ኩነታትን ክተቕርብዎም ዝግበኣኩም ሰነዳትን ሓበሬታ ይህበኩም።
ብመርዓ ንክተምጽኦ ትደልዩዎ ሰብ ወይ ከኣ ሓደ ኣባል ስድራቤትኩም ክተምጽኡ እንተደሊኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ህዝብን ወጻእተኛታትን ኣቐዲምኩም ክትሓቱ ኣለኩም።

**ቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**
ፈረንሳ: www.fr.ch/sainec
ኣልሞ: www.fr.ch/iaeza


> [42] ኣገልግሎት ተቋማት ህዝባዊ ጉዳያት፥ ክፍሊ ዜግነትን ኤታ ሲቪል
> [5] ኣገልግሎት ህዝብን ወጻእተኛታትን
> [10] ማእከል ርክብ ስዊሳውያንን – ወጻእተኛታትን ፍሪቡርግ


ፈረንሳ: www.familles-fribourg.ch
ኣልሞ: www.familien-freiburg.ch

**መርዓ ክልተ ዜግነት ዘለዎም**

ኣብ ስዊስ ልዕሊ ሓደ - ርብዒ ዝተፈጸሙ መርዓታት ካብ ዝተፈላለዩ ሃገር ብዝመጹ ሰባት ዝተመስረተ ሓዳር እዩ።

## ዝተመዝገቡ መጻመድቲ

ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም ሰባት ሕብረቶም ወይ ከኣ መጻመድቶም ሕጋዊ ንክኸውን ኣብ መዝገብ መጻመድቲ ክፍልጡ ኣለዎም። ከተማልእዎም ዝግበኣኩም ነገራት ንምፍላጥ ኣብ ሓድኦም ዝነብሩሉ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ክትሓቱ ኣለኩም።

> [43] ሳሪጌ – ማሕበር ናይ ሓደ ዓይነት ጾታ ርክብ ዝገብሩ ደቂ - ተባዕትዮን ደቂ - ኣንስትዮን ፍሪቡርግ

**ቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**
**(Office de l’état civil du canton de Fribourg/ Zivilstandsämter im Kanton Freiburg)**
ፈረንሳ: www.fr.ch/sainec
ኣልሞ: www.fr.ch/iaeza

**መዝገብ ስድራቤት**
ፈረንሳ: www.familles-fribourg.ch
ኣልሞ: www.familien-freiburg.ch

## ምውላድ

ቆልዓ ምስተወልደ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ናብ’ቲ ትነብርሉ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ክትሕብሩ ኣለኩም። እንድሕር ኣብ ሆስፒታል ተወሊዱ እቲ ሆስፒታል ባዓሉ እዩ ንቤት ጽሕፈት ኤታ ሲቪል ዝሕብር። እንድሕር ኣብ ገዛ ተወሊዱ ግና ወለዱ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ክሕብሩ ኣለዎም። እቲ ህጻን ልክዕ ምስተወልደ ምስ ኣዲኡ ዝተሓሓዘ ናይ ሰለስተ ወርሒ ውሕስነት ጥዕና ኣለዎ።
ኣብ ውሽጢ’ዘን ሰለስተ ወርሒ ከኣ ብስሙ ናይ ውሕስነት ጥዕና ክግበረሉ ይግባዕ።

> [42] ኣገልግሎት ተቋማት ህዝባዊ ጉዳያት፡ ክፍሊ ዜግነትን ኤታ ሲቪል
> [44] ቤት ጽሕፈት ማሕበር ስድራ ቤት ፍሪቡርግ

**ሓገዝ ንነብሰ-ጾራት**

www.sosfuturesmamans.ch

## ሓገዝ ናይ ገንዘብን ዕረፍትን ንሓራስ

ኣብ ስዊስ ሰራሕተኛ ንዝኾና ደቂ-ኣነስትዮ ኣብ ግዜ ሕርሲ እንተወሓደ 14 ሰሙን ዕረፍቲ ናይ ሕርሲ ኣለወን። ኣብዚ ግዜ'ዚ እንተውሓደ 80% ናይ ደሞዘን ይኽፈላ።
ናይ'ዚ መሰል ተጠቃሚ ንኽትኾነውን ግና ን9 ወርሒ ዝኣክል ንማሕበራዊ ውሕስነት ዝከፈለት ከምኡ'ውን ቅድሚ ምሕራሳ ንልዕሊ 5 ወርሒ ዝሰርሐት ክትኸውን ኣለዋ። ኣብ ካልእ ሃገራት ኤውሮፓ ዘዋጽእዎን ዝነበራ ማህበራዊ ውሕስነትን ዝሰራሕኦን ግዜ ይሕሰበለን እዩ (ቑጡልነት ኣለዎ)።
ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ስራሕ እንተዘይብለን'ውን ሓገዝ ገንዘብ ንሓራስ ንምውሳድ መሰል ኣለወን። ቤት ጽሕፈት መተካእታ ሓገዝ ገንዘብ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝርዝር ሓበሬታ ይህብ።

> [26] ቤት ጽሕፈት መተካእታ ሓገዝ ገንዘብ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ

## ሓገዝ ገንዘብ ንስድራ-ቤት

ቆልዑ እንተድኣ ኣለኩም ናይ ስድራ-ቤት ሓገዝ ገንዘብ (allocations familiales/ Familienzulagen) ንምውሳድ መሰል ኣለኩም ። ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዕድመኦም ትሕቲ 16 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ ሓገዝ ገንዘብ ስድራ-ቤት፣ ወርሓዊ 245 ፍራንክ ኮይኑ ካብ ሳልሳይ ቆልዓ ጀሚሩ ከኣ 265 ፈራንክ እዩ። ንመንእሰያት ኣብ ትምህርቲ ዘለው ትሕቲ 25 ዓመት ከኣ 305 ፍራንክ፣ ካብ ሳልሳይ መንእሰይ ጀሚሩ 325 ፈራንክ እዩ (2017)። ብሓፈሻ ሓገዝ ገንዘብ ንስድራ-ቤት ብኣሰራሕትኹም ምስ ወርሓዊ ደሞዝኩም ይኽፈል። ብገለገለ ኩነታት ስራሕ ንዘይብሎም ስድራ-ቤት፣ ሓገዝ ገንዘብ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ቤት ጽሕፈት መተካእታ ሓገዝ ገንዘብ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝርዝር ሓበሬታ ይህበኩም።

> [26] ቤት ጽሕፈት መተካእታ ሓገዝ ገንዘብ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ

## መሰል ቆልዑትን መንእሰያትን

ቆልዑት፣ መንእሰያት፣ ኣዋልድ ከምኡ’ውን ኣወዳት ልክዕ ከም ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት መሰረታዊ መሰላት ኣለዎም። መንእሰያትን ቆልዑን ፍሉይ ዝኾነን ብሕጊ ዝተጠቕሰ ካብ ሕማቕ ኣተዓባብያ ወይ ከኣ ኣትሓሕዛ፣ ካብ ምህራምን ሓይሊ ምጥቃም፣ ካብ ጾታዊ ዓመጽ፣ ብግዲ ከም ዝሰርሑ ምግባር ዝከላኸልን፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ምኻድ መሰል ከምኡ’ውን ጽቡቕ ናብራ ከም መንበሪ ገዛ፣ መግቢን ክዳውንትን ወዘተ ንክህልዎም ዝኣልይ መሰል ኣለዎም ።

ወለዲ ንደቖም፣ ንቆልዑ ይኹን ንመንእሰያት ሓይሊ ምጥቃም ወይ ከኣ ምትህርራም መሰል የብሎምን። ብተመሳሳሊ ደቖም’ውን ንኻልኦት ቆልዑ ወይ ከኣ መንእሰያት ሓይሊ ምጥቃም ወይ ምትህርራም መሰል ከምዘይብሎም ክፈልጡ ኣለዎም።

ንደቂ-ኣንስትዮ ምክንሻብ ኩልኩል’ዩ። ሕጊ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ይኹን ኣብ ካልእ ሃገር ኣብ ዝጸንሕሉ ንከም’ዚ ዓይነት ፍጻመታት ብዝለዓለ ደረጃ ይኹንን።

> [45] ኣገልግሎት ቆልዑትን መንእሰያትን
> [40] ማእከል ጾታዊ ጥዕና
> [46] ማእከል ኣማኸርቲ ቆልዑት፣ ደቂ – ተባዕትዮ ንግዳያት ሓደጋ ተሸከርከርቲን

**መሰል ምሕላው ቆልዑትን መንእሰያትን**

**(Droits et protection des enfants et des jeunes/Rechte und Schutz von Kindern und Jugendlichen)**

ፈረንሳ: www.fr.ch/sej

ኣልሞ: www.fr.ch/ja

**ሓበሬታ ሲት ኢንተርኔት ንመንእሰያት**

**(Site d’information pour jeunes/Informationswebsite für Jugendliche)**

ፈረንሳ: www.ciao.ch

ኣልሞ: www.tschau.ch

## ጸገም ዘለዎም ሰብ ሓዳርን ስድራቤትን

ኩሎም ሰባት ኣብ ውሽጢ ስድራቤቶም ወይ ከኣ ምስ ደቆም ዘይምስምማዕ ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ ጸገማት እንተጋጢምዎም ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ስድራቤት (Association Office familial/Verein Paar- und Familienberatung Freiburg) ብምዝርራብ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ።

ኣብ ግዜ ምፍልላይ ሓዳር ወይ ከኣ ፍትሕ ሓዳር እቲ ንውላዶም ዘይኣልዩ ወላዲ ነቲ ሓላፍነት ዘሎዎ (ዝኣልዮ ዘሎ) ወላዲ ወርሓዊ ቀለብ ቆልዓ ክኸፍል ኣለዎ/ዋ። ከምኡ'ውን ነቲ ንውልዶም ዝኣልዩ ዘሎ ወላዲ ኩነታቱ ተራእዩ ዝከፈል ክህልው ይኽእል። እቲ ሓላፍነት ዝወሰደ (ዝኣልይ) ወላዲ ናይ ወርሓዊ ቀለብ ቆልዓ እንተዘይበጽሖ ወይ ከኣ እንተዘይተኸፍሎ ኣብ ክፍሊ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ምንቕስቓስ ውሕስነት (Service de l'action sociale/ Kantonales Sozialamt) ክሓትት ይኽእል።

> [44] ቤት ጽሕፈት ማሕበር ስድራቤት
> [20] ማሕበር ደቂ-ኣነስትዮ
> [2] ኣገልግሎት ማሕበራዊ ውሕስነት ምንቕስቓስ



ፈረንሳ: www.familles-fribourg.ch
ኣልሞ: www.familien-freiburg.ch

ኣብ ገለ-ገለ ጊዜ ሓደ ካብቶም ሰብ-ሓዳር ሃገሮም ከምኡ'ውን ኣዝማዶም ገዲፎም ይመጽኡ። እቲ ዝመጽኡ ሓድሽ ሃገርን ህዝብን ምልማድ ከምኡ'ውን ምስ ሕብረተ-ሰብ ርክብ ክፈጥሩ ኣለዎም። እዚ ኩነታት ኩሉጊዜ ቀሊል ስለዘይኮነ ፍሉይ ማሕበራት ምዕዶ/ምኽሪ ዝህቡ ኣለው።

> [20] ማሕበር ደቂ-ኣነስትዮ
> [47] ወኪል ኣማኽርቲ ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮ ንዝተፈላለየ ዜግነት ንዘለዎም ሰብ ሓዳር

## ምትህርራምን ምጽርራፍን ኣብ ሞንጎ ስድራቤት

ኣብ ስዊስ፣ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዕግርግር ምፍጣር ከም ሓይሊ ምጥቃም፣ ምትህርራምን ምጽርራፍን ኩልኩል'ዩ። ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዕግርግር ንብሎም ንኣብነት፣ መፍርራህ፣ ምግዳድ ጾታዊ ርክብ፣ ምሕራም፣ ሓይሊ ምጥቃም፣ ገንዘብ ምኽላእ ወዘተ እዮም። ኣብ ሞንጎ ሓዳር ወይ ከኣ ምስ ቆልዑ ኣብ ውሽጢ ገዛ ይኹን ኣብ ደገ ንዝፍጸሙ ባእስታት እቲ ግዳይ እንተዘይከሰሰ'ውን እቲ ጉዳይ ሕጊ ባዕሉ ጣልቃ ይኣትወሉ እዩ። እዚ ባእሲ ኣብ ሞንጎ ስድራቤት ተፈጢሩ ዘሎ፣ ጌገኛ ኮይኑ ንዝተረኽበ ሰብ ብሕጊ ብከቢድ ምቕጻዕቲ ይቕጻዕ። ኩሎም ግዳያት ንዘጋጥሞም ጸገማት ናብተን ማእከላት ምኽርታት ብምኻድ ሓገዝን ምኽርን ብናጻ ክረኽቡ ይኽእሉ (ሕጋዊ ሓገዝ ንግዳያት) LAVI (Loi sur l'aide aux victimes/Opferhilfegesetz)። ናይ ባእሲን ዕግርግርን ባህሪ ዘለዎም ሰባት ኣብ ማሕበር ኤክስ-ፕረስዮን (EX-pression) ብምኻድ ክዘራረቡ ይኽእሉ እዮም።
እዞም ውድባት ምስጥራውነት ብዝዓብየ መገዲ ይሕልው።

> [48] ማሕበር ምትሕግጋዝ ደቂ-ኣንስትዮ – ማእከል (ላቪ LAVI) (ሕጋዊ ሓገዝ ንግዳያት) ንግዳያት ደቂ-ኣንስትዮ ሕጊ ብምጥሓስ ንዝፍጸመለን ገበን ሓገዝ ንምርካብ፣ ቁ/ስልኪ 24ሰ/24ሰ
> [46] ማእከል ኣማኽርቲ ቆልዑት፣ ደቂ – ተባዕትዮ ንግዳያት ሓደጋ ተሸከርከርቲን
> [49] ማሕበር ኤክስ – ፕረስዮን – ማሕበር ምክልኻልን ሓገዝ ንዝተፈላለዩ ሓይልን ጎነጽን

ፈረንሳ: www.familles-fribourg.ch
ኣልሞ: www.familien-freiburg.ch

## ግዱድ መርዓ

ዝኾነ ሰብ ብስድራቤቱ ኾነ ብኻልእ ሰብ ብዘይ ፍቓዱ ተገዲዱ ከምዝምርዓው ምግባር ዝተኸልከለ እዩ። ኣብ ስዊስ ግዱድ መርዓ ምግባር፡ ምስታፍ መሰረታዊ መሰላት ምጥሓስ፡ ከምኡ ' ውን ምግሃስ መሰል ሰባት፡ ቅዋም ስዊስን ሕጊ ፍሪቡርግ ምጥሓስ ማለት እዩ።

#### ሓገዝ ንደቂ-ኣንስትዮ

> [48] ማሕበር ምትሕግጋዝ ደቂ-ኣንስትዮ – ማእከል (ላቪ LAVI) (ሕጋዊ ሓገዝ ንግዳያት) ንግዳያት ደቂ-ኣንስትዮ ሕጊ ብምጥሓስ ንዝፍጸመለን ገበን ሓገዝ ንምርካብ፡ ቁ/ስልኪ 24ሰ/24ሰ

#### ሓገዝ ንደቂ-ተባዕትዮ

> [46] ማእከል ኣማኸርቲ ቆልዑት፡ ደቂ – ተባዕትዮ ንግዳያት ሓደጋ ተሸከርከርቲን

# 13. ትምህርትን ግዴታዊ ቤት ትምህርትን

*ሰበ-ስልጣናት ፍሪቡርግ ትምህርቲ ንቐልው ብዝለዓለ ጻዕሪ ኣቓልቦ ይህቡ።*

ኣብ ስዊስ ናይ ቤት ትምህርታዊ ስርዓታት ከከም ካንቶናት ዝተፈላለ እዩ። ኣብ ውሽጢ ካንቶን ፍሪቡርግ ዕድመኦም ካብ 4 ስጋብ 15 ዓመት (1H-11H) ንዝኾኑ ቖልው ትምህርቲ ናጻን ግዴታን እዩ።

ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ስርዓታት ካንቶን ፍሪቡርግ ዝቐረበ ፊልም ዝበለጸ ጠቓሚ ሓበሬታ ይህበኩም።

www.fr.ch/osso

**ትምህርቲን ስልጠናን ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.fr.ch/dics

www.edufr.ch

## ሓላፍነት ወለዲ

ወለዲ ወይ ስድራቤት ናይ ደቖም ትምህርቲ ከምኡ' ውን መምርሒ ናይ መጀመርታ ተሓተቲ ወይ ሓላፍነት ዘለዎም እዮም ። ወለዲ ንደቖም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስዳድ፣ ሰዓታትን ሕግታት ቤት ትምህርትን ከም ዘኽብሩ ምግባር፣ ከምኡ' ውን ምስ ቤት ትምህርቲ ምትሕብባር ግዴታ ኣለዎም። እንድሕር ቤት ትምህርቲ ብውልቂ ንምዝርራብ ወይ ናይ ወለዲ ኣኼባ ጻውዒት ኣቕሪብልኩም ንኽትሳተፉ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ተሳትፎ ምስ መምህራን ንምዝርራብ፣ ደቕኹም ጸገም እንድሕር ኣጋጢምዎም መፍትሒ ንምርካብ ከምኡ' ውን መጻኢ ትምህርታዊ ሂወቶም ምርጫ ንምግባር ይሕግዘኩም።

ኣገልግሎት ስድራቤታዊ ትምህርቲ ኤዱካሲዮን ፋሚልያል (Education familiale/ Familienbegleitung) ናይ ምዝርራብን ምኽሪን ሓገዝ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ንወለዲ ወይ ንስድራቤት ይህብ።

> [45] ኣገልግሎት ንቖልዑን መንእሰያትን
> [50] ኣገልግሎት ስድራቤታዊ ትምህርቲ (ኤዱካሲዮን ፋሚልያል)

## ተሓዝቲ ቖልዑትን መጽንሒ ቖልዑት ድሕሪ ትምህርትን

መብዛሕትኡ ግዜ ስራሕ ዘሎዎም ወለዲ ኣብ ስራሕ ግዜኦም ንሙሉእ መዓልቲ፣ ኣብ ናይ ምሳሕ ዕረፍቲ፣ ድሕሪ ትምህርቲ ወይ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝዕጸወሉ እዋን ቖልዑት ዝሕዙሎም ሰብ የድልዮም።
ትነብሩሉ ኮሚዩን ብዛእባ ተሓዝቲ ቖልዑትን መጽንሒ ቖልዑት ድሕሪ ትምህርቲ ንዘለኩም ምርጫ ይሕብረኩም።

> [51] ፌዴራሲዮን ፍሪቡርግ መዓልታዊ መጽንሒ ስድራቤት
> [52] ፌዴራሲዮን ፍሪቡርግ ተሓዝቲ ቖልዑትን መጽንሒ ቖልዑት ድሕሪ ትምህርትን



**ፔዲቡስ** (Pédibus) **ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**

ኣብ ዝተፈላለዩ ኮሚዩናት ፍሪቡርግ ንቆልዑ ብእግሮም ናብ ቤት ትምህርቲ ብወለዶም ንምውሳድ (ንምስናይ) ዝተዳለወ ስርዓት (Pédibus) ዝበሃል ኣሎ።
እዚም ቆልዑ ኣብ ውሱን ሰዓት ብታቤላ ዝተጸሓፈሎም መራኸቢ ቦትኦም ምስ ደቒ - ገዛውቶም ወይ ደቒ - ትምህርቶም ምስተራኸቡ ብሓደ ወላዲ ተኣሊዮም ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ። ነዞም ቆልዑ ወለዲ በብተራ ናብ ቤት ትምህርቲ የብጽሕዎም።
*www.pedibus.ch*

## መዋእለ ሕጻናት (ካብ 4 ዓመት ንላዕሊ 1H-2H)

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ነኣሽቱ ቆልዑ ካብ 2 ዓመቶም ጀሚሩ ብመጽንሒ ቆልዑት ወይ ከኣ ብመዋእለ ሕጻናት ክተሓዙ ይኽእሉ። መባእታ ቤት ትምህርቲ ምስ መዋእለ ሕጻናት ግዴታዊ ትምህርቲ ኮይኑ ካብ 4 ዓመቶም ይጅምሩ (système HarmoS/HarmoS-System)። ኣብ'ዚ ኣድላይ ግዜ'ዚ ደቅኹም እቲ ቀንድን ኣገዳስን ስኾነ ናይ'ቲ ዝነብርሉ ከባቢ (ዓዲ) ቋንቋ ምምሃር ይጅምሩ።

## መባእታ ቤት ትምህርቲ (ካብ 6 ዓመት፥ 3H-8H)

መባእታ ቤት ትምህርቲ ካብ ደቂ 6 ዓመት ይጅምር። ናይ ትምህርቲ ስርዓቱ ከኣ ቋንቋ፥ ቑጽሪ፥ ኣከባብያዊ፥ ሙዚቃ፥ ንጥፈት ምህዞ ከምኡ'ውን ስፖርት ዝሓዘ እዩ።
ኣብ 11-12 ዕድሜኦም (8H) ደቅኹም ካብ ስለስተ ዓይነት ክፍሊታት (cycle d'orientation/Orientierungsschule) ናብ ሓደ ካብዞም ሰለስተ ዓይነት መምዘኒታት ተራእዮም ይምደቡ (ብሪኢቶ መምህር፥ ብውጽኢት ቀዳማይ ሰሚስተር፥ ብሪኢቶ ወለዲን ተመሃራይን)።
በዚኦም ሰለስተ ዓይነት መምዘኒታት እንተዘይተሰማሚዖም ከኣ ብወገን ቋንቋ ፈርንሳ ተዛረብቲ ራብዓይ መምዘኒ ብቕዓቶም ዝፍትን ሓደ ፈተና ንኽገብሩ ይዕደሙ። ብወገን ቋንቋ ኣልሞ ተዛረብቲ ድማ ኩሎም ተማሃሮ ንክእለቶም ዝፍትን ፈተና ስጋብ 2021 ንኽገብሩ ይዕደሙ።
ብመሰረት ዝረኸብዎ ውጽኢት ከኣ ዝምደብሉ ዓይነት ክፍሊ ይውሰን።

## ማእከላይ ቤት ትምህርቲ – መመደቢ ክፍሊታት
## (ካብ 12 ዓመት 9H-11H)

ካብ 12-13 ዓመት ዕድሜኦም ደቅኹም ካብ ስለስተ ዓይነት ክፍሊ ናብ ሓደ ይምደቡ።

- መሰረታዊ ኣድላይ ክፍሊ (classes à exigence de base EB/Realklassen)፥ ተመሃሮ ናብ ሞያዊ ትምህርቲ (apprentissage/Lehre) ንምቕጻል መሰረታዊ ፍልጠቶም ከሐይሉ ዘድልዮም።
- ሓፈሻዊ ክፍሊ (classes générales G/Sekundarklassen) ተመሃሮ ናብ ሞያዊ ትምህርቲ (apprentissage/Lehre) ከምኡ ' ውን ናብ ዝለዓለ ትምህርቲ ንምቕጻል ዘድልዮም።
- ቕድመ ኮሌጅ ክፍሊ (classes prégymnasiales PG/Progymnasialklassen) ተመሃሮ ናብ ዝለዓለ ትምህርቲ ንምቕጻል ዘድልዮም

ተመሃሮ ከም ውጺኢቶም ካብ ሓደ ዓይነት ክፍሊ ናብ ካልእ ዓይነት ክፍሊ ክሓልፉ ወይ ከኣ ክዘዋወሩ ይኽእሉ።

## መምርሒታት ትምህርትን ሞያን

ቅድሚ መወዳእታ ዓመት ናይ ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ (école obligatoire/Obligatorische Schule) ተመሃሮ ብዛዕባ ሞያዊ ትምህርትን ተሞክሮን (stage et formation/Praktikum- und Ausbildungen) ዝበለጸ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣገዳሲ እዩ። ደቅኹም ካብዞም ተቀሪቦሙሎም ዘለው ዝተፈላለዩ ሞያዊ ትምህርትን ተሞክሮን ንምምራጽ ናይ ወለዲ ዓቢ ሓገዝ የድልዮም ' ዩ። ሓደ ፍሉይ ብዓል ሞያ ኣማኻሪ መምርሒ ክትውከሱ ንምዕድ።
ጸሓፊ ቤት ትምህርቲ ንናይ ከባቢኹም ማእከል መምርሒ፥ ትምህርትን ሞያን ኣድራሻ ይህበኩም።

**ሓበሬታ ብናይ ወጻእተኛ ቋንቋታት ንመምርሒ ትምህርትን ሞያን**
**(Informations en langues étrangères sur l'orientation/Informationen zur Berufsberatung in weiteren Sprachen)**

ፈረንሳ: www.orientation.ch
ኣልሞ: www.berufsberatung.ch

> [53] ኣገልግሎት መምርሒ ሞያን ሞያዊ ትምህርትን ንመንእሰያት

## ተማሃሮ ወጻእተኛታትን ተመሃሮ ቋንቋ ኣዲኦም ዘይኮነን

ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዛረቦ ቋንቋ ንዘይዛረቡ ተመሃሮ ምስቲ ስሩዕ መደቦም ናይ ቋንቋ ትምህርትን ዘድልዮም ሓገዝ ይወሃቦም።

> [54] a) ክፍሊ ቋንቋ ፈረንሳ ተዛረብቲ
> [54] b) ክፍሊ ቋንቋ ኣልሞ ተዛረብቲ

ኣገልግሎት ግዴታዊ መምሃሪ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ሓጺር መጽሄት ሓበሬታን ፊልምን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተዳልዩ ንወጻእተኛታት ወለዲ ቀሪቡልኩም ኣሎ።

ደቅኹም ናይ መቦቆል ሃገሮም ቋንቋን ትምህርትን ባህልን ብቆንስል ናይ ሃገርኩም ወይ ከኣ ብማሕበረ - ኮም ዝተዳለወ ክሳተፉ ይኽእሉ።

www.fr.ch/osso

ካሪታስ ስዊስን (Caritas Suisse) ስድራቤታዊ ትምህርትን (Education familiale/ Familienbegleitung) ንቅድመ ቤት ትምህርቲ ህጻናትን ንወጻእተኛታት ወለዶምን፡ ቅድመ ምድላዋት (Ecoleplus) ንምጅማር ትምህርቲ የቕርብ።

www.educationfamiliale.ch

ካብ ቤተ - መጽሓፍቲ (Bibliothèque interculturelle LivrEchange/Interkulturelle Bibliothek LivrEchange) ብልዕሊ 200 ዓይነት ቋንቋታት ዝተጸሓፉ መጻሓፍቲ ክንልቃሕ ንኽእል።

> [19] ቤተ - መጽሓፍ ሊቭርኤሻንኘ

# 14. ሞያዊ ትምህርትን ኣብ ሐደ ሞያ ዘተኮረ ፍሉይ ትምህርቲ (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ)

**ናይ መሰልጠኒ ትካላት**

ኣብ ውሽጢ ካንቶን ፍሪቡርግ ካብ 2,400 ንላዕሊ ዝኾኑ ትካላት ብልዕሊ 150 ዝኾኑ ንዝተፈላለዩ ሞያታት （apprentis/Lernende） ንናይ ሞያ ተማሃሮ ቐጺሮም ስልጠና ይህቡ።

*ስዊስ፡ ብፈረንሳ ዱዋል «dual» ብኣልሞ ከኣ «duale» ዝበሃል ስርዓት ሞያዊ ስልጠና ኣለዎ። ተማሃሮ ብናይ ሞያዊ ወይ ከኣ ብካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንምቅጻል ዝውስኑሉ እዩ ።*

## ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ትካላት (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ)

ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ተማሃሮ ሐደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ኣብ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ከይዶም ይመሃሩ። ዝተረፉ መዓልትታት ከኣ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ንምምዕባል ኣብ ትካላት ይሰርሑ። ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ተመሃሮ ኣብ ሐደ ትካል ብኮንትራት ወይ ከኣ ብስምምዕ ተቖጺሮም ስልጠና ይወሃቦም። ብዝሰርሑዎ ዓይነት ስራሕ ከኣ ደሞዝ ይኽፈሉ።
ብናይ ክልተ ዓመት ሞያዊ ትምህርቲ፡ ምስክርነት ፌደራል ናይ ሞያዊ ትምህርቲ ይረኽቡ። (Attestation fédérale de formation professionnelle AFP/Eidgenössisches Berufsattest EBA)
ብናይ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ሞያዊ ትምህርቲ ከኣ ሰርቲፊኬት ፌዴራል ደ ካፓሲቴ ይረኽቡ። (Certificat fédéral de capacité CFC/Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis EFZ)
እዚ ዲፕሎም ኣብ ሙሉእ ስዊስ ተፈላጥነት ኣለዎ። ብተመሳሳሊ ተማሃሮ ምስ ሞያዊ ትምህርቲ ወይከኣ ድሕሪ ሞያዊ ትምህርቲ ፡ ቤት ትምህርቲ ምያዊ ብስለት (Maturité professionnelle/ Berufsmatura) ክመሃሩ ወይ ክቅጽሉ ይኽእሉ። እዚ ትምህርቲ ንሓደ ፍሉይ ላዕላዋይ ቤት ትምህርቲ ንም'ቅጻል ዕድል ይህብ። (Haute école spécialisée HES/Fachhochschule FH)

**መንገዲ ናይ ስልጠና ስርዓት ስዊስ**

ፈረንሳ: www.fr.ch/sopfa

ኣልሞ: www.fr.ch/bea

## ናይ ምያዊ ትምህርቲ ቦታ ንምድላይ

ፈረንሳ: www.orientation.ch

ኣልሞ: www.berufsberatung.ch

> [15] ኣገልሎት ምያዊ ትምህርቲ

**ብደረጃ ዓለም ፍሉይ ዝኾነ ዩኒቨርስቲ ፍሪቡርግ**

ዩኒቨርስቲ ፍሪቡርግ ኣብ ዓለም ካብ ዘለው ዩኒቨርስቲታት፣ ሓደ በይኑ ብክልተ ቋንቋታት ብፈረንሳን ኣልሞንን ትምህርቲ ዝህብ ኣካል እዩ።

## ካብ ካልእ ሃገራት ዝመጹ መንእሰያትን ንዓቕመ - ኣዳም ዝበጽሑን

ካብ ካልእ ሃገራት ዝመጹ መንእሰያት ንላዕላዋይ ቤት ትምህርቲ ወይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክኣትዉ ዘይክእሉ፣ ብኣገልግሎት ናይ ምያዊ ቤት ትምህርቲ ዝተዳለወ ኮርስ (cours d'intégration/ Integrationskurse) ክወስዱ ይኽእሉ።
ናይ ' ዚ ትምህርቲ ዕላማ፣ ናብ ምያዊ ትምህርቲ ንምርካብ ዝሕግዝ እዩ።

> [53] ኣገልግሎት መምርሒ ሞያን ስልጠናን ንመንእሰያት

## ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ (ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ)

ድሕሪ ግዴታዊ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮ ናብ ቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት፣ ቤት ትምህርቲ ንግዳዊ ስራሕ፣ ቤት ትምህርቲ ምያዊ ብስለት ወይከኣ ቤት ትምህርቲ ኮሌጅ ክሰጋገሩ ይኽእሉ።

| ዓይነት ቤት ትምህርቲ | ዝወስዶ ግዜ | ዓይነት ዲፕሎማ |
|---|---|---|
| **ቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት** | 3 ዓመት | ሰርተፊኬት ናይቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት |
| **ቤት ትምህርቲ ንግዳዊ ስራሕ** | 4 ዓመት | ሰርተፊኬት ፌደራል ደ ካፓሲቴ (CFC/EFZ) + ምያዊ ብስለት ብንግዳዊ ስራሕ |
| **ቤት ትምህርቲ ምያዊ ብስለት** | 4-5 ዓመት | ሰርተፊኬት ምያዊ ብስለት |
| **ቤት ትምህርቲ ኮሌጅ** | 4 ዓመት | ሰርተፊኬት ብስለት ብኮሌጅ |

**ሞያዊ ብስለት (Maturité professionnelle/Berufsmaturität)**

ፈረንሳ: www.fr.ch/sopfa

ኣልሞ: www.fr.ch/bea

**ኣገልግሎት ምምሃር ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ**
**(ቤት ትምህርቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ቤት ትምህርቲ ንግዳዊ ስራሕ፡ ቤት ትምህርቲ ምያዊ ብስለትን ኮሌጅን)**

www.fr.ch/s2

## ዝለዓለ ትምህርቲ

ሰርተፊኬት ብስለት ብኮሌጅ ዘለዎም ተማሃሮ ናብ ዩኒቨርስቲ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ፖሊቴክኒክ ፌደራል ወይከኣ ናብ ፍሉይ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ክሰጋገሩ ወይ ትምህርቶም ክቕጽሉ ይኽእሉ፡ ናብ ፍሉይ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ንምቕጻል ግን ተወሳኺ ስታጅ ምግባር ወይከኣ ናይ መእተዊ መርመራ ክሕተት ይከኣል)። ንዝበለጸ ሓበሬታ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ምቕባልን ምምዝጋብን ናይ ዩኒቨርስቲ ፍሪቡርግ ብምኻድ ክትውከሱ ትኽእሉ።
ሓደ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጸ ሰብ ኣብ ናይ ሃገሩ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ኽቕጽል እኳ እንተኽኣለ ኣብዚ ሃገር ግን ብቐጥታ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ኽቕጽል ኣይክእልን እዩ።

**ዩኒቨርስቲ ፍሪቡርግ**

www.unifr.ch

**መምዘኒ ደረጃ ትምህርቲ ንምቕጻል ኣብ ዩኒቨርስቲታት ስዊስ**

www.swissuniversities.ch

## ሓገዝ ናይ ገንዘብ ንትምህርትን ንስልጠናዊ ትምህርትን

ብዝተፈላለየ መምዘኒ ኩነታት ሓገዝ ናይ ገንዘብ ንትምህርትን ንስልጠናዊ ትምህርትን ምርካብ ይከኣል እዩ። ብዛዕባ'ዚ ሓገዝ ብቐጥታ ናብ ዝምልከቶ ማእከል ትምህርትን ስልጠና፣ ናብ ምምሕዳር ኮሚዩን ወይ ከኣ ኣገልግሎት ሓገዝ ንትምህርትን ንስልጠናን ብምኻድ ክርከብ ይከኣል።

> [55] ኣገልግሎት ሓገዝ ንትምህርትን ስልጠናን

## መረጋገጺ ዲፕሎምን ናይ ምስክር ወረቐትን

ኣብ ሃገርኩም ዝሓዝኩሞ ዲፕሎምን ናይ ምስክር ወረቐትን ሕጋዊነት ንኽረክብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ናይ ሞያዊ ስልጠና መጽናዕቲን ምርምርን ብምኻድ ግድን ክትዘራረቡ ኣለኩም።

**መረጋገጺ ዓለም-ለኻዊ ዲፕሎማ**

www.sbfi.admin.ch

ኣብ ሃገርኩም ናይ 5 ዓመት ተሞክሮ ሞያዊ ስራሕ እንተለኩም ብዝተፈላለየ መምዘኒ ኩነታት ተራእዩ ኣብ ስዊስ ተፈላጥነት ክረክብ ይኽእል። ንዝያዳ ሓበሬታ ንኣገልግሎት መምርሒ ምያ ከምኡ'ውን ስልጠና ትምህርቲን ሞያን ንመንእሰያት ክትውከሱ ትኽእሉ።

> [53] ኣገልግሎት መምርሒ ሞያን ስልጠና ንመንእሰያት

**ምርግጋጽ ዝቐደመ ትምህርትን ሞያን**

ፈረንሳ: www.fr.ch/sopfa

ኣልሞ: www.fr.ch/bea

## ትምህርቲ ንመንእሰያትን ቀጻሊ ትምህርትን

ኣብ ስዊስ ብዙሓት መንእሰያት ትምህርቲ ወይከኣ ሞያዊ ትምህርቲ ፍልጠቶም ንምምሕያሽ ከምኡ’ውን ሓደሽቲ ብቕዓት ንምውሳኽ ቀጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ይከታተሉ። ሓደ-ሓደ ግዜ እዞም ስልጠናታት ብናይ ትካላት ፋይናንሳዊ (ገንዘባዊ) ሓገዝ ይኽፈል።
ሓደ ሰራሕተኛ ብሞያዊ ስርሑ ትምህርቲ እንዳወሰኸ እንተኸይዱ ዝሕጎሰሉ ስራሕ ናይ ምርካብ ዝበለጸ ዕድል ኣለዎ። ምስ ዘስረሓኩም ትካል ምዝርራብ ኣገዳሲ እዩ።

**ቀጻሊ ስልጠና ኣብ ስዊስ**

ፈረንሳ: www.formation-continue.ch

ኣልሞ: www.weiterbildung.ch / www.ausbildung-weiterbildung.ch

**ሲት ኢንተርኔት ማእከል ውሽጣዊ ሞያታት ምምዕባል**

**Site du Centre de perfectionnement interprofessionnel CPI/**

**Interprofessionelles Weiterbildungszentrum – IWZ**

www.cpi.ch

# 15. ሓለዋ ባህርያዊ ተፈጥሮ

**ፐዋር (poire/Birne) ብመቐረት ጥልያን**

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ሓረስቶት ካብ ቀደም ጀሚሮም ንእሽቶ ፐዋር «ፐዋር ኣ ቦትዚ» («Poire à Botzi») ኢሎም ዝጽውዕዎ ገረብ ፐዋር «grappe de poires» ዓይነት ፍሩታ ይዘርኡ። ብኣልሞ ከኣ ቢዩሸሊቢርነ «Büschelibirne» ተባሂሉ ይጽዋዕ። ካብ 2007 ጀሚሩ እዚ ፍሩታ ብመበቆል መጸውዒ ስሙ (appellation d'origine protégée/ Geschützte geografische Ursprungs bezeichnung) ዝተሓለወ እዩ። መበቆሉ ርጉጽ ኣይኮነን። ገሊኦም ሰባት ናይ ፍሪቡርግ ሰራዊት ኣብ መበል 17 ክፍለ-ዘመን ካብ ናፖሊ ጥልያን ሒዞሞ ዝምጹ ኢዮም ይብሉ።

*ነበርቲ ካንቶን ፍሪቡርግ ምክንኻን ቅርጺ መሬት፣ ናይ ህዝቢ ቦታታት ምኽባርን ንባህርያዊ ተፈጥሮ ምሕላው፣ ዝለዓለ ተገዳስነት ይህቡ።*

## ዝተዓቀበ ባህርያዊ ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ

ካንቶን ፍሪቡርግ ዓቢ ናይ ሕርሻ ባህሊ ኣለዎ። እዚ ካንቶን 3,7% ዝኸውን ካብ ህዝቢ ስዊስ ወኪሉ (2017)፣ 10% ዝኸውን ናይ ሕርሻ ፍርያት ንሙሉእ ስዊስ የቕርብ።
60% ዝኸውን መሬት ካንቶን ፍሪቡርግ ድማ ንኣገልግሎት ሕርሻ ይውዕል። ሳላ ምቹእ ዝኾነ ባህርያዊ ተፈጥሮ ፍርያት ሕርሻ፣ ሓረስቶት ፍሪቡርግ ንህዝቢ ዝተፈላለዩን ብሉጻት ፍርያት ብቀረባ ኣብ ናይ ጎደና ዕዳጋ ከተማን ሓውሲ ከተማን፣ ብቀጥታ ኣብ ግራቶም፣ ብተወሳኺ ኣብ ንግዲ ትካላት ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ድኳናት የቕርቡ። ናይ ሓረስቶት ንሕርሻዊ መሬቶም ብኣገባብን ብክንክንን ምጥቃም ንሙሉእ ካንቶን ፍሪቡርግ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንክሕሉዎ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር።

## ምክንኻን ቅርጺ መሬት

ካብ ዝሓለፈ ሚእቲ ዘመናት ጀሚሩ ሕርሻን ዳግመ-ምግራብ ልምዓት ንቅርጺ መሬት ፍሪቡርግ ኣልሚዒዎ ይርከብ። እዚ ስራሕ ዓቢ ኣኽብሮት ይግብኦ። ግራት ብእግርኻ ኣቋሪጽካ ምኻድ፣ ኣግራብ ምቁራጽን ምጽልጻልን፣ ንእንስሳታት ምፍርራሕን ከምዝሃድሙ ምግባር ከምኡ'ውን ጓሓፍ ምድርባይ ወዘተ ኩልኩል እዩ።

## ህዝባዊ ቦታታት ምኽባር

ነፍሲ - ወከፍ ኮሚዩን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ከምኡ ’ ውን ምስ ካልኦት ሰባት ንገብሮ ባህሪያት ብናይ ሕጋዊ ስርዓት ኣገባብ ንህዝቢ ይሕብር። እዞ ’ ም ሕጋዊ ኣገባባት ንኣብነት ጎሓፉት ኣብ ግቡእ ቦትኦም ምጎሓፍ፣ ብዘይ ኣድላይነት ዝርብሽ ድምጺ ምግባርን ብተወሳኺ እንስሳ - ዘቤት ከየሸግሩ እንታይ ክትገብር ከምዘለኩም ምፍላጥ ወዘተ እዮም። ነዚ ናይ ሕጋዊ ስርዓት ኣገባብ ቅዳሕ ኣብ ምምሕዳር ኮሚዩንኩም ክትሓቱ ትኽእሉ።

## ንጎሓፍ ብዑደት መልክዕ ዳግማይ ምጥቃምን ምምስራሕን

ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ጎሓፉት ብጥንቃቐ ይፍለዩ። ኩሎም ኮሚዩናት ናይ መጎሓፊ ቦታ ከከም ዓይነት ጎሓፉት ዝፈላለይሉ ቦታታት ኣልዎም። ንኣብነት ጥርሙዝ፣ ወረቀት፣ ካርቶን፣ ፕላስቲክ፣ ሓጺን፣ ባትሪታት፣ ዘይቲ፣ ታኒካ፣ ኣልሚንየም፣ ባህርያዊ ጎሓፉት፣ ኤሌክትሮኒክስ ከምኡ ’ ውን መርዛማት ምህርቲ። ፍርቂ ዝኾኑ ጎሓፉት ንዳግማይ ምጥቃምን ምምስራሕን ይውዕሉ። ዝተረፉ ጎሓፍት ድማ ባህርያዊ ተፈጥሮ ንምሕላው በኣገባብ ይቃጸሉ። ምምሕዳርኩም （ኮሚዩንኩም） ነቲ ግቡእ መጎሓፊ ቦታ ይሕብረኩም።



**ጎሓፋት ምእካብ፣ ናይ ስዊስ ፍሉይ ክእለት እዩ**

ኣብ ስዊስ 95% ካብ ጥርሙዝ፣ 90% ካብ ኣልሙኒየም ከምኡ'ውን 80% ካብ ወረቐት ዝተኣከቡ ጎሓፋት ዳግማይ ብዑደት ተመስሪሖም ንኣገልግሎት ይውዕሉ።

## ዳግማይ ንምምስራሕ ዘይከኣሉ ጎሓፋት

ኮሚዩንኩም ንዳግማይ ንምምስራሕ ዘይከኣሉ ናይ ገዛ ጎሓፍት ዝለዓለሉ (ዝጎሓፈሉ) መዓልቲ ይሕብረኩም። ናይ ኮሚዩናት መጎሓፊ ሳክ ፕላስቲክ ኣበይ ከምትረኽቡ፣ ኣበይን መዓስን ከምትጉሑፉ፣ ኮሚዩንኩም ይሕብረኩም። ዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ ሲት ኢንተርኔት ኮሚዩን ተወከሱ። ከከም ትነብርሉ ኮሚዩን ንፍሉይ መጎሓፊ ሳክ ፕላስቲክ ወይከኣ ብሚዛን ጎሓፍ ንምጎሓፍ ግብሪ ትኸፍሉ። ሓደ-ሓደ ኮሚዩናት ዝተወሰነ ከም ብዝሒ ስድራ-ቤት ፍሉይ መጎሓፊ ሳክ ፕላስቲክ ብናጻ ይህቡ። ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ደገ ጎሓፍ ምቅጻል ብጥብቂ ዝተከልከለ እዩ።

> [56] ኣገልግሎት ባህሪያዊ ተፈጥሮ

# 16. ተሳትፎ ኣብ ማሕበራትን ማሕበራዊ ህይወትን

*መዘናግዕን ንትፈትውዎም ዝንባለታት ግዜ ምሃብ ኣድለይቲ እዮም። ንምሕዳስ፣ ንኣፍልጦ፣ ንኣካለ - ብቕዓት ከምኡ'ውን ምስ ሓደሽቲ ሰባት ንምልላይ ዝሕግዙ እዮም።*

**ቅዱስ ኒኮላ ፣**
(Saint-Nicolas/
Sankt Nikolaus)

ቅዱስ ኒኮላ፣ ናይ ሓንቲ ኣብ ቱርኪ ትርከብ ሜየር ትበሃል ከተማ ጳጳስ ኔሩ። ቅዱስ ኒኮላ፣ ቅዱስ ሓላዊ ናይ ከተማ ፍሪቡርግ፣ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ፣ ናይ ባሕሪ ጉዕዞታት፣ ናይ ቆልዑ ከምኡ'ውን ናይ ሓሰማ ስጋ ስራሕተኛታት ቅዱስ ተባሂሉ ዝፍለጥ እዩ።

## ዓበይቲ በዓላት ናይ ፍሪቡርግ

ቀንዲ ዓበይቲ በዓላት ፍሪቡርግ ኣብ ወቕቲ ቀውዕን ክረምትን ይውዕሉ። ሓረስቶት ንጥሪቶም ኣብ በረኽቲ ቦታታት ንኣርብዓተ ወርሒ ድሕሪ ምጽንሖም ኣብ ወርሒ መስከረም – ጥቅምቲ ናብ ደምበ ይመልስዎም። እዚ ባህሊ ድማ ዴዛልፕ (la désalpe/ Alpabzug) ተባሂሉ ይጽዋዕ። (Semsales, Charmey, Schwarzsee, Albeuve) ሲ.ምሳል፣ ሻርሜ፣ ሽዋርትሴን ኣልቦውቭን ኣብ ዝተባህላ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን ኣብ ዝዳለው በዓል ዴዛልፕ ብምኻድ ክትሳተፉ ትኽእሉ። ብተወሳኺ ኣብ ወርሒ ምስከረም - ጥቅምቲ ናይ ሕርሻ ስራሕ ከምዝተወደአ ዘፍልጥ ቤኒሾ (Bénichon/ Kilbi) ተባሂሉ ዝጽዋዕ በዓል ብነበርቲ ካንቶን ፍሪቡርግ ይበዓል እዩ። ኣብ'ዚ በዓል ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣዝዩ ብዙሕን ዝተፈላለየ ባህላዊ ምግቢ ስለዝዳሎ በዚ ኣጋጣሚ ክትጥዕሙ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ቀዳመይቲ ቀዳም ነበርቲ ከተማ ፍሪቡርግ ናይ ቅዱስ ኒኮላ በዓል የብዕሉ። ኣብ'ቲ ዕለት ሓደ ተመሃራይ ናይ ቅዱስ ኒኮላ ዓይነት ክዳን ተኸዲኑ ኣብ ልዕሊ ኣድጊ ተወጢሑ ኣብ ውሽጢ ከተማ ፍሪቡርግ እንዳተዛወረ ብሽኩቲ ንቖልዑ ይዕድል። ኣብ ካቴድራል ምስበጽሐ ብዛዕባ ኩነታት ዝሓለፈ ዓመት ሰላማዊ መደረ ይገብር። ኣብ'ዚ በዓል ኣስታት 30,000 ዝበጽሑ ሰባት ይሳተፉን ይዕጅብዋን።
ኣብ የካቲት ዝተፈላለዩ ከተማታት ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ንምፍናው ወቕቲ ክረምትን ንምቕባል ወቕቲ ቀውዕን በዓል ካርኒቫል (carnaval/Fasnacht) የብዕሉ።

**ናይ ፍሪቡርግ ባህልን በዓላትን ብግቡእ ንምፍላጥ**

www.fr.ch/tradifri

## ባህላውን ስፖርታውን ህይወት

ባህላውን ስፖርታውን ህይወት ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝሃፍተመ እዩ። ካንቶን ፍሪቡርግ ዓበይቲ ዝተፈላላየ ቤተ - መዘክርን መዘናግዒ ኣዳራሻትን ኣለዎ። ዝተፈላለዩ ባህላዊ መደባት ድማ የእንግድ። ገለ ካብ' ቶም ብደረጃ ዓለም ዝተፈልጡ ንኣብነት፣ ፌስቲቫል ዓለም - ለኻዊ ፊልም ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ (Festival international du film de Fribourg FIFF/Internationales Filmfestival Freiburg FIFF)፣ ዓለም - ለኻዊ ባህላዊ ናይ ሙዚቃ መደብን (Rencontres de folklore internationales RFI)፣ ዓለም - ለኻዊ ቤሉዋር ቦልወርክ ማለት ዘመናዊ ስነ - ጥበብ (Belluard Bollwerk International) እዮም። ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝርከቡ ናይ ሙዚቃን ደርፊን ማሕበራት ኣዚዮም ብዙሓትን ብሉጻት እዮም። እዚ ካንቶን ንኩሉ ዕድመ ንስፖርታዊ ንጥፈታት መካየዲ ዝኸውን ብዙሕ ምርጫታት ኣለዎ። ካንቶን ፍሪቡርግ ብደረጃ ሃገር ፍሉጣት ዝኾኑ ክልተ ዓበይቲ ጋንታታት ኣለውዋ፣ ጋንታ ፍሪቡርግ ጎቴሮን ሆኪ ኣብ በረድ (Fribourg Gottéron) ፣ ጋንታ ፍሪቡርግ ኦሎምፒክ ኩዕሶ ሰክዔት (Fribourg Olympic basket)።

ሓበሬታ ናይ ኩሉ ዓይነት ባህላውን ስፖርታውን ኣብ ኮሚዩንኩምን ወይ ከኣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቱሪዝምን ይርከብ።

**ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ባህላዊ ህይወት**

www.fribourgregion.ch

www.fribourg-culture.ch

**ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ ስፖርታዊ ህይወት**

www.fribourgregion.ch

www.afs-fvs.ch

www.fr.ch/sspo

### ፍሉጣት ስፖርታዊ ንጥፈታት

**ጉያ «ሞራ – ፍሪቡርግ» «Morat-Friburgo»**
ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ካብ 1933 ጀሚሩ ዝካየድ ውሩይ ቅድድም ጉያ እግሪ ኩልግዜ ዓመት - ዓመት ቀዳመይቲ ሰንበት ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ልዕሊ 13’000 ዝኾኑ ሰባት ዝሳተፉሉ ካብ ሞራ ክሳብ ፍሪቡርግ 17,17 ኪ/ሜ ርሕቐት ዘለዎ ቅድድም ጉያ እግሪ እዩ።

*www.morat-fribourg.ch*

**«ስሎውኣፕ» «slowUp»**
ብውልቂ፣ ብጉጅለ ከምኡውን ምስ ስድራቤትካ ሓደ ሙሉእ መዓልቲ መራኺ ቦታታት ንኽትዛወሩ ሞተር ብዘይብሎም ተሽከርከርቲ (ብሽክለታ፣ ሮለር፣ ትሮቲኔት ወዘተ)።

*www.slowup-gruyere.ch*

*www.slowup-murtensee.ch*

# ናይ እግሪ ጉዕዞ

ኣብ ስዊስ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣዝዩ ተፈታዊ ዝኾነ ዓይነት ስፖርቲ እዩ። ንኣዋልድ፣ ንኣወዳት፣ ንዓበይቲ፣ ንቆልዑ ከምኡ’ውን ንመንእሰያት ንምዝናይን ዝተፈላለዩ ከተማታት ወይ ከባቢታት ንምርኣይን ንምፍላጥን ዝሕግዝ እዩ።
ኣብ ውሽጢ ካንቶን ፍሪቡርግ ንጉዕዞ እግሪ ዝተዳለው ብዙሓት መንገዲታት ኣለው።

**ናይ እግሪ ጉዕዞ**

www.fribourgregion.ch
www.wanderland.ch
www.randosuisse.ch



**ኮሚዩናት ሳምፓ – ገመይንሳም ኢን ደር ገማይንደ**
(Communes sympas – Gemeinsam in der Gemeinde)

እዘን ዝስዕባ ኮሚዩናት ቢዩል፡ ዱዲንገን፡ ኤስታቫዩ ፍሪቡርግ ማርሊ፡ ሽሚተን፡ ከምኡ'ውን ቪነቪል-ፍላማት «ኮሚዩናት ሳምፓ» እዮም (ኣብ 2018)። እዚ ኣቃውማ "ሓቢሮም ምንባር" ዘተባብዕ ኮይኑ ኣብ መንጎ ህዝብን ሰበ ስልጣናት ዘሎ ምትእስሳር የደልድል። ኮሚዩናት ሳምፓ – ገመይንሳም ኢን ደር ገማይንደ ናይ ኣዞን-ሳምፓ «agent-e-s sympas/ VernetzerIn+» ድሌት ንዘለዎም ነበርቲ ስልጠና የቕርብ። ካብ'ዞም ኮሚዩናት ኣብ ሓዲኡ ዲኹም ትነብሩ? ኣባል ኣዞን-ሳምፓ ኩኑ! ብከምዚ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ትሳተፉ፡ ፍልጠትኩም ተማዕብሉ ከምኡ'ውን ምስ ሓደሽቲ ሰባት ትላለዩ።

www.communes-sympas.ch
www.gemeinsam-in-der-gemeinde.ch

## ማሕበራዊ ህይወት

ማሕበራት ብወለንታዊነት ድሌት፡ ብናጻ፡ ብሓባር ንምስራሕ ዝተበገሱ ውልቀ ሰባት ዝምስርቱዎም እዮም፣

- ናይ ሓባር ረብሓ ምህናጽ፡ ስፖርት፡ ባህሊ፡ ዝንባለ ወዘተ።
- ድሌታትካ ምግላጽ፡ ወለዲ ናይ ተማሃሮ፡ ወጻእተኛታት፡ ኣረጋውያን ወዘተ።
- ኣብ ናይ ሃገር ማሕበራውን ቊጠባዊ ህይወትን ምስታፍ፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ማሕበር ሰብ ሞያታት፡ ጉጅለ ድሌታት ወዘተ።

ስዊስ ናይ ትካላት ከምኡ'ውን ናይ ማሕበራት ሃገር እያ። ኣብ ስዊስ ዓሰርተታት ኣሽሓት ዝኾኑ ከምኡ ድማ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ኣማኢት ዝኾኑ ማሕበራትን ትካላትን ኣለው።
እዘን ማሕበራት ኣብ ህይወት ካንቶን ፍሪቡርግ ዓብይ ኣበርክቶ ኣለወን፡ ገለ ኣብ ፍሪቡርግ ካብ ዝርከባ ማሕበራት ከኣ ጉጅለ ስፖርተኛታት፡ ባህላዊ ማእከላት፡ ማሕበር ምትእኽኻብ ወጻእተኛ ሃገራት ማሕበረኮም ወዘተ። ናይ ሓደ ማሕበር ኣባል ምዃን ንምውህሃድ ከባቢያዊ ማሕበራዊ ህይወትን ነበርቲ ፍሪቡርግ ንምልላይ ይሕግዝ። ኩለን ማሕበራት ንዝኾነ ዝተገደሰ ሰብ ማዕጾአን ኩፉት እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ናይ ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ማሕበራት እንተደሊኹም ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርኩም ተወከሱ።

### ወለንታዊ ንጥፈታት

ኣብ ስዊስ ከምኡ'ውን ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ወለንታዊ ተግባራት ዓቢ ቦታ ኣለዎም።
ኣብ ሃገርና ሓደ ርብዒ ዝኸውን ቀዋሚ ነበርቲ ህዝቢ፡ ዕድሚኦም 15 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝኾኑ ሰባት እንተወሓደ ኣብ ሓደ ወለንታዊ ንጥፈት፡ ብማሕበራት ዝተዳለወ ወይ ብውልቂ ይገብሩ እዮም።
ወለንታዊ ንጥፈታት ንናጻ ግዜኩም ንሕብረተ-ሰብ ምብርካት፡ ሓደሽቲ ተሞክሮ ንምርካብ ከምኡ'ውን ሓደሽቲ ሰባት ንምልላይ ይሕግዝ። ኣብ ወለንታዊ ንጥፈታት ክሳተፉ ንዝደልዩ ሰባት

ንዝፈልጥዎም ሰባት ብምሕታት ወይ ከኣ ኣብ ሬዞ ቤኔቮላ ኔትወርክ ፍሪቡርግ ብምውካስ፡ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዘለዋ ወለንታዊ ንጥፈታት ንዝደለይዎም ኣካላት ብቀሊል ክረኽቡ ይኽእሉ።

> [57] ሬዞ ቤኔቮላ ኔትወርክ ፍሪቡርግ ፍራይቡርግ

## ሃይማኖታዊ ህይወት

ቅዋም ካንቶን ፍሪቡርግ ናይ ንቕሓት ናጽነት ከምኡ'ውን ሃይማኖታዊ ናጽነት ውሕስነት ይሕልው። ነብስ-ወከፍ ሰብ ምእማን ወይ ዘይምእማን ከምኡ'ውን ንዝኣመነሉ ሃይማኖት ምስዓብን ምግልጋልን መሰል ኣለዎ። ነዚ መሰል'ዚ ዝኾነ ኣካል ይኹን ሰብ ክግህሶ ኣይክእልን። ነብስ-ወከፍ ውልቀ-ሰብ ብናይ እምነቱ መሰረት ሃይማኖታዊ ናጽነቱ ብናጽነት ናይ ምንቅስቓስ መሰል ኣለዎ።
ናይ ካንቶን በዓል ስልጣን ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብ ዘለዉ ቤተ-ክርስትያናት ከምኡ'ውን ሃይማኖታዊ ማሕበራት ኣድላይ ተራ ከምዘለዎም ይኣምን። ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ድሕሪ ካቶሊኽን ፕሮቴስታንትን ናይ ምስልምና ሃይማኖት ማሕበረሰባት ኣብ ስልሳይ ደረጃ ይርከቡ። 100 ዝበጽሑ ካልኦት ሃይማኖታዊ ጉጅለታት'ውን ኣለው። ኩሎም ሃይማኖታዊ ማሕበራት ውሽጣዊ ፍልልዮም ብምዝርራብ፡ ኣብ ሞንጎኦም ሰላም ንክሕልው፡ ድሌት ናይ ኩሎም ሰበ ስልጣናት እዩ።

**ቤተ-ክርስቲያን ካቶሊኽ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.cath-fr.ch

**ቤተ-ክርስቲያን ተሓድሶ ወንጌላዊ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.ref-fr.ch

**ማሕበር ሙስሊም ናይ ፍሪቡርግ**

www.uamf.ch

**ማሕበረኮም ኣይሁድ ናይ ፌዴራሲዮን ስዊስ**

www.swissjews.ch

# 17. ናይ ዜጋታትን ተቐማጦን ፖለቲካዊ ህይወት

*ናይ ስዊስ ዴሞክራሲ፡ ሓሳብካ ብናጽነት ንምግላጽ ወይ ከኣ ንምዝራብ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳያት ህዝቢ ንኽትሳተፍ ብዙሕ ዕድላት ይህብ።*

**ቀጥታዊ ዴሞክራሲ (démocratie directe/Direkte Demokratie)**

ስዊስ ካብ'ተን ኣብ ዓለም ዝያዳ ህዝባዊ ተሳትፎ ዴሞክራሲ ዘለወን ሃገራት ሓንቲ እያ። መሰል ፖለቲካ ከምኡ'ውን መሰል ህዝቢ ተባሂሎም ዝጽውዑ ዝተፈላለዩ መሰላት ኣለው። ንኣብነት መሰል ናይ ምምራጽን ተመራጽን፡ መሰል ተበግሶ (droit d'initiative/Initiativrecht)፡ መሰል ምድጋፍን ወይ ምቅዋምን (référendum/Referendum) ወዘተ። ህዝቢ ቅዋም ንምምሕያሽ ወይ ንምቕያር ከምኡ'ውን ቤት-ምኽሪ ንዝነደፎ ሕጊ ንምቅዋም መሰል ኣለዎ። ኣብ ስዊስ ብዛዕባ ሉዓላውነት ክንዛረብ ከለና ሉዓላዊ ማለት ህዝቢ ማለት እዩ።
መሰል ፖለቲካ ብሰለስተ ደርብታት ዝኞመ'ዩ፡ ኮንፌደራሲዮን፡ ካንቶናትን ኮሚዩናት። ካንቶን ፍሪቡርግ'ውን ብተመሳሳሊ ብናቱ ስልጣን ፖለቲካዊ ደርቢ፡ መሰል ተበግሶን፡ መሰል ምድጋፍ ወይ ምቅዋም ኣለዎ። (droit d'initiative et de motion populaire/Initativrecht und das Recht auf Volksmotion)። ህዝቢ ስዊስ ኣብ ወሸጢ ዓመት ብተደጋጋሚ ንምምራጽ ብኮንፌደራሲዮን ይዕደም። ካንቶናትን ኮሚዩናት'ውን ብተመሳሳሊ ግዜ ምስ ናይ ኮንፌደራሲዮን ናይ ባዕሎም ምርጫ የካይዱ። ኮንሰይ ፌዴራል ማለት መንግስቲ ስዊስ ማለት ኾይኑ ብቤት-ምኽሪ ወይ ብፓርላማ ከኣ ይምረጽ። ቤት-ምኽሪ ወይ ፓርላማ ብህዝቢ ተመሪጹ ኣብ ክልተ ይምቀል፡ ኮንሰይ ናሲዮናልን ኮንሰይ ዴ'ዜ ኤታ ተባሂሎም ከኣ ይጽውዑ (Conseil national et Conseil des Etats/Nationalrat und Ständerat)።

## ኣካላት ፖለቲከኛታት

ብህዝቢ ዝተመርጹ በዓል ሞያ ፖለቲከኛታት ኮንሰይ «Conseil/Rat» ተባሂሎም ይጽውዑ። ናይ ኮንሰይ ግደ ወይ ተራ፡ ሓሳብ ምቕራብ፡ ክትዕ ምክያድ፣ ምውሳን፡ መምርሒ ግብራዊ ምግባር ከምኡ'ውን ንድፊ ምንዳፍን እዩ። ህዝቢ ከኣ ነቲ ንድፊ ክቕበሎን ክነጽጎን ይኽእል።

## ሰለስተ ናይ ስልጣን ደርቢታት

ብገምጋም ኣርባዕተ ጊዜ ኣብ ዓመት ነበርቲ ፍሪቡርግ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ምርጫታት ንክመርጹ ይዕደሙ። ንኣብነት

- ብኮሚዩናል፡ ንኣብነት፡ ናይ መዘናግዒ ኣዳራሽ ንምህናጽ።
- ብካንቶናል፡ ንኣብነት፡ ናይ ቢንቶ ፖያ ምህናጽ (Pont de la Poya/Poyabrücke)።
- ብፌደራል፡ ንኣብነት፡ ሓዲሽ ሕጊ ብዛዕባ ሓገዝ ገንዘብ ንቆልዑን ንምጽዳቕ።

| | ናይ ሰበ-ስልጣናት ተወከልቲ ኣካላት ኣብ ኽልተ ይኽፈሉ፡ ወሳኒ ሰበ-ስልጣንን ፈጻሚ ሰበ-ስልጣንን (Pouvoir législatif/Legislative) (Pouvoir exécutif/Exekutive) | |
|---|---|---|
| **ብኮሚዩን ፍሪቡርግ** | ቤት-ምኽሪ ኮሚዩናል ወሳኒ ሰበ-ስልጣናት (Assemblée communale ou Conseil général/Gemeindeversammlung oder Generalrat) | ኣመሓደርቲ ኮሚዩናል ፈጻሚ ሰበ-ስልጣን (Conseil communal/ Gemeinderat) |
| **ብካንቶን ፍሪቡርግ** | ቤት-ምኽሪ ካንቶናል ወሳኒ ሰበ-ስልጣናት (Grand Conseil/ Grosser Rat) | ኣመሓደርቲ ካንቶናል ፈጻሚ ሰበ-ስልጣናት (Conseil d'Etat/Staatsrat) |
| **ብኮንፌደራሲዮን ስዊስ** | ሃገራዊ ኣባላት ቤት-ምኽሪ ወሳኒ ሰበ-ስልጣናት (Conseil national/ Nationalrat) ተወከልቲ ካንቶናት ወሳንን ፈጻምን ሰበ-ስልጣናት (Conseil des Etats/Ständerat) | መራሕቲ መንግስቲ ስዊስ ፈጻሚ ሰበ-ስልጣናት (Conseil fédéral/Bundesrat) |

ኩልግዜ ድሕሪ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ዓመት ኣመሓደርትን ቤት-ምኽሪ ናይ ኮሚዩናል፣ ናይ ካንቶናል፣ ናይ ፌደራል ከምኡ'ውን ኣመሓዳሪ ንኡስ-ዞባ ከም ብሓድሽ ይምረጽ።

## ፍትሒ ናይ ፍሪቡርግን ስዊስን

ፍትሒ (la justice/die Justiz) ካብ ፖለቲካዊ ስልጣን ናጻ ኮይኑ ሳልሳይ ስልጣን ተባሂሉ ምስቶም ክልተ ስልጣናት (ወሳንን ፈጻምን ስልጣናት) ይጽዋዕ። (pouvoirs exécutifs et législatifs/Legislative und Exekutive) ኣብ ስዊስ ሰለስተ ዓይነት ቤት ፍርዲ ወይ ከኣ ኣካላት ናይ ስልጣን ኣለዉ። (types de juridictions ou d'organes du pouvoir judiciaire/Arten von Gerichtsbarkeiten oder von Gerichtsorganen)

- ፍትሒ ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባት ንዝፍጠር ግጭታት፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ሲቪል (juridictions civiles/Zivilgerichtsbarkeit)
- ፍትሒ ናይ ገበን ዝፈጸመ ወይ ዝፈተነ፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ገበነኛታት (juridictions pénales/Strafgerichtsbarkeit)
- ፍትሒ ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባትን ኣመሓደርቲ ወይ መንግስትን፣ ኣብ ቤት ፍርዲ ምምሕዳራዊ ስልጣን (juridictions administratives/Verwaltungsgerichtsbarkeit)

ካንቶን ፍሪቡርግ ሸውዓተ ንኡስ-ዞባታት ከምኡ'ውን ሸውዓት ቤት ፍርዲ ኣለዎ (Tribunaux d'arrondissement de districts/Bezirksgerichte)። እዞም ቤት ፍርዲ ናይ መጀመርታ ሲቪልን ገበን ብዝምልከት ጉዳያት ዝፈርዱ እዮም።
ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ናይ ጉዳያት ፍትሒ ሲቪል፣ ፍትሒ ገበን ከምኡውን ፍትሒ ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባትን ኣመሓደርትን ወይ መንግስትን ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ናይ ካንቶናል ቤት ፍርዲ እዩ (Tribunal cantonal/Kantonsgericht)። እዚ ቤት ፍርዲ ካንቶናል ከኣ ብናይ መጀመርታ ቤት ፍርዲ ናይ ንኡስ-ዞባታት ንዝተፈርዱ ፍርድታት ይግባይ ከምኡውን ብኣመሓደርቲ ንዝተወሰኑ ጉዳያት ንምቅዋም ንሓተሉ ወይ ንኸደሉ ቤት ፍርዲ እዩ።

ቤት ፍርዲ ፌደራል (Tribunal fédéral/Bundesgericht) ከኣ ናይ መጨረሽታ ስልጣን ናይ ፍትሒ ኮይኑ ጉዳይት ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባት፣ ኣብ መንጎ ካንቶናት፣ ኣብ መንጎ ውልቀ-ሰባትን ካንቶናት፣ ኣብ መንጎ ኮንፌደራሲዮንን ኣመሓደርቲ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኮንፌደራሲዮንን ካንቶናትን ንዘጋጥም ግጭት ፍርዲ ይህብ።
ቤት ፍርዲ ፌደራል መሰላት ቅዋም ንክኽበሩ ውሕስነት ይህብ (ኣብ ምዕራፍ 5 መሰላትን ግቡኣትን ተመልከት)።

**ስልጣን ናይ ፍትሒ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ**

www.fr.ch/pj

## ናይ ምምራጽ መሰል ዘለዎም ወጻእተኛታት

ኣብ ኮሚዩን ፍሪቡርግ ዳርጋ 16’000 ዝኾኑ ናይ ምምራጽ መሰል ዘለዎም ወጻኣተኛታት ኣለው። እዚ ማለት ከኣ ካብ ሙሉእ መረጽቲ ኮሚዩን ፍሪቡርግ 10% እዩ። ንገምጋም ካብ ኩሎም ነበርቲ ወጻእተኛታት ኮሚዩን ፍሪቡርግ ሓደ ካብ ክልተ ዝኸውን ናይ ኮሚዩናል ፖለቲካ መሰል ኣለዎ።

## ፖለቲካዊ መሰላት ንወጻእተኛታት

ዜግነት ስዊስ ንዘይብሎም ክንሰም ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዝተቐመጡ፡ መንበሪ ፈቓድ ሴ (permis C/ Ausweis C) ዘለዎም ወጻእተኛ ዜጋታት ኣብ ጉዳይ ኮሚዩናል፡ ከም ዜጋ ስዊስ ማዕረ መሰል ናይ ምምራጽ ኣለዎም።
ሕጋዊ መምረጺ መለክዒታት እንተተማሊኦም ኣብ ናይ ምርጫ ኽፍሊ ምምዝጋብ ኣየድልዮምን’ዩ። ኣብ እዋን ምርጫ ናይ መምረጺ ወረቓቕቲ ብኣድራሻኦም ይስደደሎም።
መንበሪ ፈቓድ ሴ ዘልዎም ወጻእተኛ ዜጋታት ንኮሚዩን ዝምልከት ጉዳያት ድምጺ ምሃብ፡ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ምስታፍ፡ ናይ ቤት ምኽሪ ኣባላት ምምራጽ ከምኡ’ውን ባዕሎም ከም ተመረጽቲ ኮይኖም ክሳተፉ ይኽእሉ።

## ካልኦት መንገድታት ፖለቲካዊ ተሳትፎ

ብተወሳኺ ፖለቲካዊ መሰላት ዝተፈላለዩ ካልኦት መንገድታት ፖለቲካዊ ተሳትፎ ከም ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰባዊ ህይወት ብምንቅስቓስ ናይ መጻኢ ኹነታት ንምቕያር፡ ንኣብነት ብሓደ ጉጅለ ወይ ከኣ ብናይ ገዛውቲ ማሕበር ወዘተ ተወዲቡ ናይ ህዝቢ ድሌት ምትግባር፡ ዝኣመሰሉ ብዙሓት ናይ ምንቅስቓስ ዕድላት ኣለው (associations de quartiers/Quartiervereine)።
ከም ኩሎም ዜጋታት ስዊስ ሓደ ወጻእተኛ ዓቢ ይኹን ንእሽተይ ናይ ምሕታት መሰል (droit de pétition/Petitionsrecht) ኣለዎ። እዚ ናይ ምሕታት መሰል ከኣ ንሰበ ስልጣናትን ንኣምሓደርትን ብቐጥታ ሕቶኻ ንምቕራብ፡ ሓሳብኻ ንምሃብ፡ ቕሬታ ወይ ነቐፌታ ንምቕራብ መሰል ይህብ።
ናይ ምሕታት መሰል ብመንግስቲ ኣካላት ንዝተወሰኑ ውሳኔታት ተጽዕኖ ክገብር ይኽእል።

> [58] ዋና ዋና ፖለቲካዊ ኣካላት ኣብ ወሽጢ ካንቶን ፍሪቡርግ

## ዜግነት ናይ ስዊስ

ዜግነት ናይ ስዊስ ንምሓዝ ውልቃዊ ምርጫ ወይ ከኣ ድሌት እዩ። ዜግነት ስዊስ ንምርካብ ንኽእለሉ ሚዛናት ብሕጊ ተወሲኖም እዮም። ኣብ ካናንቶን ፍሪቡርግ ዓመታዊ 1000 ዝኾኑ ሰባት ዜግነት ስዊስ ይረኽቡ። ዜግነት ስዊስ መሰል ናይ ምምራጽን ተመራጽን ኣብ ጉዳያት ኮሚዩናል፥ ካንቶናል ከምኡ'ውን ፌዴራል ይህብ።

> [42] ኣገልግሎት ተቋማት ህዝባዊ ጉዳያት፥ ክፍሊ ዜግነትን ኤታ ሲቪል

ዜግነት ስዊስ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት ሰበ ስልጣን ካንቶናል ብዘዳለውዎ ናይ ኣቐባብላ ዕድመ ምስታፍ ግዴታ ኣለዎም። ኣብ'ዚ ናይ ኣቐባብላ ዕድመ ሓደሽቲ ዜግነት ስዊስ ዝተቐበሉ ሰባት እዚ ዝስዕብ ቓለ-መሓላ ይገብሩ፥ «ንቅዋም ናይ ፌዴራል ከምኡ'ውን ንቅዋም ናይ ካንቶናል እሙን ንሙኻን ቃል ይኣቱ፥ ኣብ ኩሉ ኩነታት ንመሰላትን ንነጻን ልኡላዊነት ናይ ሓዳሽ ሃገረይ፥ ብቅኑዕን ብተኣማንነት ብግቡእ የገልግል»።

# 18. ጠቓሚ ዝርዝር ኣድራሻታት

[1] **ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን**
Bureau de l’intégration des migrant-e-s et de la prévention du racisme IMR
Fachstelle für die Integration der MigrantInnen und für Rassismusprävention IMR
Grand-Rue 26, 1700 Fribourg
026 305 14 85, integration@fr.ch, www.fr.ch/imr

[2] **ኣገልግሎት ማሕበራዊ ስጉምቲ**
Service de l’action sociale SASoc
Kantonales Sozialamt KSA
Route des Cliniques 17, Case postale, 1701 Fribourg
026 305 29 92, sasoc@fr.ch, www.fr.ch/sasoc

[3] **ክፍሊ ማሕበራዊ ምትእስሳር**
Secteur de la cohésion sociale
Sektor des Gesellschaftlichen Zusammenhaltes
Administration générale
Place de l’Hôtel-de-Ville 3, 1700 Fribourg
026 351 71 06, Cohesion.Sociale@ville-fr.ch,
www.ville-fribourg.ch/cohesion_sociale

[4] **ናይ ምውህሃድ ተወካሊ**
Délégué-e à l’intégration
Delegierte/r für die Integration
Administration communale
Grand-Rue 7, Case postale 32, 1630 Bulle
026 919 18 00, secretariat@bulle.ch, www.bulle.ch/fr/integration

[5] **ኣገልግሎት ህዝብን ወጻእተኛታትን**
Service de la population et des migrants SPoMi
Amt für Bevölkerung und Migration BMA
Route d’Englisberg 11, 1763 Granges-Paccot
026 305 14 92, spomi@fr.ch, www.fr.ch/spomi

**[6] ፍሪቡርግ ፑር ቱስ (ሓበሬታታት መወከሲ ቦታ)**

Fribourg pour tous FpT
Freiburg für alle FfA
Route du Criblet 13, 1700 Fribourg
0848 246 246, fribourgpourtous@fr.ch, www.fr.ch/fpt

**[7] ቀንዲ ናይ ፍሪቡርግ ጋዜጣታት**

- La Liberté
  Boulevard de Pérolles 42, Case postale 208, 1705 Fribourg
  026 426 44 11, redaction@laliberte.ch, www.laliberte.ch
- FreiburgerNachrichten
  Boulevard de Pérolles 42, Postfach 576, 1701 Freiburg
  026 426 47 47, fn.redaktion@freiburger-nachrichten.ch, www.freiburger-nachrichten.ch
- La Gruyère
  Rue de la Léchère 10, Case postale 352, 1630 Bulle 1
  026 919 69 00, redaction@lagruyere.ch, www.lagruyere.ch

**[8] ዞባዊ (ከባቢያዊ) ራዲዮታት**

Radio Fribourg/Freiburg
Rue de Romont 35, Case postale 1312, 1701 Fribourg
026 351 51 00, radiofr@radiofr.ch, www.radiofr.ch

**[9] ዞባዊ (ከባቢያዊ) ቴሌቭዥን**

La Télé
Boulevard de Pérolles 36, Case postale 205, 1705 Fribourg
058 310 05 05, contact@latele.ch, www.latele.ch

**[10] ማእከል ርክብ ስዊሳውያንን – ወጻእተኛታትን ፍሪቡርግ**

Centre de contact Suisses-Immigrés CCSI Fribourg
Kontaktstelle SchweizerInnen-AusländerInnen Freiburg
Rue des Alpes 11, Case postale 366, 1701 Fribourg
026 424 21 25, info@ccsi-fr.ch, www.ccsi-fr.ch

**[11] ካሪታስ ስዊስ፡ ቤት ጽሕፈት ናይ ሕጋዊ ኣማኸርቲ ኣብ ፍሪቡርግ**
Caritas Suisse, Bureau de consultations juridiques à Fribourg BCJ
Caritas Schweiz, Juristische Beratung für Asylbewerber in Freiburg BCJ
Boulevard de Pérolles 55, Case postale 11, 1705 Fribourg
026 425 81 02, www.caritas.ch

**[12] ፍሪ-ሳንቴ – ኤስፓስ ደ ስዎ**
Fri-Santé – Espace de soins
Fri-Santé, Raum für Behandlung
Boulevard de Pérolles 30, 1700 Fribourg
026 341 03 30, info@frisante.ch, www.frisante.ch

**[13] ምክብባር «ሰ ሬስፔክቴ – ሬስፔክት ፍዩር ኣለ», ኣገልግሎት ኣማኸርትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነት ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ፡ ካሪታስ ስዊስ፡ ክፍሊ ፍሪቡርግ**
«se respecter – Respekt für alle», Service de consultation et de prévention
du racisme dans le canton de Fribourg, Caritas Suisse, Département Fribourg
«se respecter – Respekt für alle», Anlaufstelle für Rassismusberatung und
-prävention im Kanton Freiburg, Caritas Suisse, Abteilung Freiburg
Boulevard de Pérolles 55, Case postale 11, 1705 Fribourg
026 425 81 00, serespecter@caritas.ch, www.serespecter.ch

**[14] a) ክፍሊ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ: ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ተዛረብቲ**
Service de l’enseignement obligatoire de langue française SEnOF
Rue de l’Hôpital 1, Case postale, 1701 Fribourg
026 305 12 27, senof@fr.ch, www.fr.ch/osso

**[14] b) ክፍሊ ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን: ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ጀርመን ተዛረብቲ**
Amt für deutschsprachigen obligatorischen Unterricht DOA
Spitalgasse 1, Postfach, 1701 Freiburg
026 305 12 31, doa@fr.ch, www.fr.ch/osso

**[15] ኣገልግሎት ሞያዊ ትምህርቲ**
Service de la formation professionnelle SFP
Amt für Berufsbildung BBA
Derrière-les-Remparts 1, 1700 Fribourg
026 305 25 00, sfp@edufr.ch, www.fr.ch/sfp

[16] **ማሕበር ምንባብን ምጽሓፍን – ክፍሊ ፍሪቡርግ**
Association Lire et Ecrire – Section de Fribourg
Verein Lesen und Schreiben, Sektion Freiburg
Rue St-Pierre 10, Case postale 915, 1701 Fribourg
026 422 32 62, fribourg@lire-et-ecrire.ch, www.lire-et-ecrire.ch

[17] **ቀይሕ - መስቀል ፍሪቡርግ፣ ትምህርቲ «ናብራ ኣብ ስዊስ»**
Croix-Rouge fribourgeoise : Cours «Vie en Suisse»
Freiburgisches Rotes Kreuz : Kurs «Leben in der Schweiz»
Rue G.-Techtermann 2, Case postale 279, 1701 Fribourg
026 347 39 70, langues-sprachen@croix-rouge-fr.ch, www.croix-rouge-fr.ch

[18] **ኣገልግሎት ናይ ሓባር ኣተርጎምቲ « ሰ ኮምፐሮንድር » ካሪታስ ስዊስ ክፍሊ ፍሪቡርግ**
Service d'interprétariat communautaire «se comprendre»,
Caritas Suisse, Département Fribourg
Interkultureller Dolmetscherdienst «se comprendre»,
Caritas Schweiz, Abteilung Freiburg
Boulevard de Pérolles 55, Case postale 11, 1705 Fribourg
026 425 81 30, secomprendre@caritas.ch, www.secomprendre.ch

[19] **ቤተ - መጽሓፍ ሊቭርኤሻንዥ**
LivrEchange, Bibliothèque interculturelle
LivrEchange, Interkulturelle Bibliothek
Avenue du Midi 3-7, 1700 Fribourg
026 422 25 85, info@livrechange.ch, www.livrechange.ch

[20] **ማሕበር ቦታ ደቂ - ኣንስትዮ**
Association espacefemmes
Verein frauenraum
Rue Saint-Pierre 10, 1700 Fribourg
026 424 59 24, info@espacefemmes.org, www.espacefemmes.org

[21] **ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ናይ መንበሪ ኣባይቲ**
Service du logement SLog
Wohnungsamt WA
Boulevard de Pérolles 25, Case postale 1350, 1701 Fribourg
026 305 24 13, slog@fr.ch, www.fr.ch/slog

[22] **ማሕበር ተኻረይቲ ኣባይቲ ስዊስ – ክፍሊ ፍሪቡርግ**
Association suisse des locataires ASLOCA – Section fribourgeoise
Association suisse des locataires (ASLOCA), Sektion Freiburg
Secrétariat administratif, Case postale 18, 1774 Cousset
0848 818 800, www.asloca.ch

[23] **ማሕበር ተኻረይቲ ኣባይቲ ስዊስ – ክፍሊ ኣልሞ ፍሪቡርግ**
Mieterinnen– und Mieterverband Deutschfreiburg
Case postale 41, 3185 Schmitten
0848 023 023, mieterverband.deutschfreiburg@gmx.ch, www.mieterverband.ch

[24] **ቤት ጽሕፈት መጓዓዝያ ምድርን ባሕርን ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ**
Office de la circulation et de la navigation du canton de Fribourg OCN
Amt für Strassenverkehr und Schifffahrt des Kantons Freiburg ASS
Route de Tavel 10, Case postale 192, 1707 Fribourg
026 484 55 55, info@ocn.ch, www.ocn.ch

[25] **ኣገልግሎት ናይ ግብሪ ካንቶናል**
Service cantonal des contributions SCC
Kantonale Steuerverwaltung KSTV
Rue Joseph-Piller 13, Case postale, 1701 Fribourg
026 305 33 00, scc@fr.ch, www.fr.ch/scc

[26] **ኣገልግሎት ናይ መተካእታ ሓገዝ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ**
Caisse de compensation du canton de Fribourg CCCFR
Ausgleichskasse des Kantons Freiburg AKFR
Impasse de la Colline 1, Case postale 176, 1762 Givisiez
026 305 52 52, ecasfr@fr.ch, www.caisseavsfr.ch

[27] **ቤት ጽሕፈት መድሕን ንክሰርሕ ዓቕሚ ንዘይብሉ ናይ ካንቶን ፍሪቡርግ፡ ቤት ጽሕፈት ኣኢ**
Office de l’assurance-invalidité du canton de Fribourg, Office AI
Invalidenversicherungsstelle des Kantons Freiburg IV-Stelle
Route du Mont-Carmel 5, 1762 Givisiez
026 305 52 37, info@aifr.ch, www.aifr.ch

[28] **ህዝባዊ ኣገልግሎት ናይ ስራሕ**
Service public de l’emploi SPE
Amt für den Arbeitsmarkt AMA
Boulevard de Pérolles 25, Case postale 1350, 1701 Fribourg
026 305 96 00, spe@fr.ch, www.fr.ch/spe

[29] **ማሕበር ጉዳይ ሰራሕተኛታት ፍሪቡርግ**
Union syndicale fribourgeoise USF
Freiburger Gewerkschaftsbund FGB
Rue des Alpes 11, Case postale 1541, 1701 Fribourg
026 322 74 45, usfr@bluewin.ch, www.uss.ch

[30] **ቤት ጽሕፈት መዓርነት ደቂ-ተባዕትዮን – ደቂ-ኣንስትዮን ስድራቤትን**
Bureau de l’égalité hommes-femmes et de la famille BEF
Büro für die Gleichstellung von Frau und Mann und für Familienfragen GFB
Rue de la Poste 1, Case postale, 1701 Fribourg
026 305 23 86, bef@fr.ch, www.fr.ch/bef, www.familles-fribourg.ch

[31] **ማሕበር ምርግጋጽ ስራሕ – ማእከል ምውህሃድ ማሕበራውን-ሞያውን**
Association Chèque Emploi – Centre d’intégration socioprofessionnelle
Verein Service Check, Institution für sozio-professionelle Integration
Route des Daillettes 1, 1709 Fribourg
026 426 02 40, cheque-emploi@cisf.ch, www.cheque-emploi-fribourg.ch

[32] **ፍሪ-ሳንቴ – ግሪሴሊዲስ ፍሪቡርግ**
Fri-Santé – Grisélidis
Boulevard de Pérolles 30, 1700 Fribourg
026 321 49 45, griselidis@frisante.ch, www.griselidis.ch

[33] **ኣገልግሎት ሕክምና ስኒ ቤት ትምህርቲ**
Service dentaire scolaire SDS
Schulzahnpflegedienst SZPD
Boulevard de Pérolles 23, 1700 Fribourg
026 305 98 00, sds@fr.ch, www.fr.ch/sds

[34] **ማእከል ጥዕና ስነ-ኣእምሮ ፍሪቡርግ**
Réseau fribourgeois de santé mentale RFSM
Freiburger Netzwerk für psychische Gesundheit
Centre de soins hospitaliers, L’Hôpital 140, Case postale 90, 1633 Marsens
026 305 78 00, ኣብ ህጹጽ ኩነታት: 026 305 77 77, rfsm@rfsm.ch, www.rfsm.ch

[35] **ማሕበር ናይ ፍሪቡርግ ተቛማት ንኣረጋውያን**
Association fribourgeoise des institutions pour personnes âgées AFIPA
Vereinigung freiburgischer Alterseinrichtungen VFA
Secrétariat général
Route Saint-Nicolas-de-Flüe 2, 1700 Fribourg
026 915 03 43, office@afipa-vfa.ch, www.afipa-vfa.ch

[36] **ማሕበር ናይ ፍሪቡርግ ሓገዝን ምክንኻንን ኣብ ገዛ**
Association fribourgeoise d’aide et de soins à domicile AFAS
Spitex Verband Freiburg SVF
Secrétariat cantonal
Route Saint-Nicolas-de-Flüe 2, 1700 Fribourg
026 321 56 81, info@aide-soins-fribourg.ch, www.aide-soins-fribourg.ch

[37] **ፕሮ ሴኔክቱት ፍሪቡርግ**
Pro Senectute Fribourg – Freiburg
Passage du Cardinal 18, Case postale 169, 1705 Fribourg
026 347 12 40, iinfo@fr.prosenectute.ch, www.fr.prosenectute.ch

[38] **ፐሮ-ኣንፊርሚስ – ኣገልግሎት ፍሪቡርግ**
Pro Infirmis Fribourg – Freiburg
Route Saint-Nicolas-de-Flüe 2, Case postale 98, 1705 Fribourg
026 347 40 00, fribourg@proinfirmis.ch, www.proinfirmis.ch

[39] **ኣገልግሎት ትምህርታዊ ጉዕዞ**
Service éducatif itinérant SEI
Früherziehungsdienst FED
Fondation Les Buissonnets, Rte de Villars-les-Joncs 3,
Case postale 155, 1707 Fribourg
026 484 21 13, info@sei-fribourg.ch, www.sei-fribourg.ch

[40] **ማእከል ናይ ጾታዊ ጥዕና ፍሪቡርግ**
Centre fribourgeois de santé sexuelle CFSS
Freiburger Fachstelle für sexuelle Gesundheit FFSG
• Rue de la Grand-Fontaine 50, 1700 Fribourg
• Rue de la Condémine 60, 1630 Bulle
026 305 29 55, sante.sexuelle@fr.ch, www.fr.ch/cfss

[41] **«ኣምፕራንት» : ማእከል ሓገዝን ቅድመ ምኽልኻል ንኤች ኣይ ቪ / ኤይድስን**
Empreinte : Centre de soutien et de prévention dans le domaine du VIH/Sida et IST
Empreinte: Hilfs- und Präventionsstelle für HIV/Aids und STI
Boulevard de Pérolles 57, 1700 Fribourg
026 424 24 84, empreinte@tremplin.ch, www.tremplin.ch/empreinte

[42] **ኣገልግሎት ተቛማት ህዝባዊ ጉዳያት፥ ክፍሊ ዜግነትን ኤታ ሲቪል**
Service des affaires institutionnelles, des naturalisations et de l’état civil SAINEC
Amt für institutionelle Angelegenheiten, Einbürgerungen und Zivilstandswesen IAEZA
Boulevard de Pérolles 2, Case postale 471, 1701 Fribourg
026 305 14 17, office.etatcivil@fr.ch, www.fr.ch/sainec

[43] **ሳሪጌ – ማሕበር ናይ ሓደ ዓይነት ጾታ ርክብ ዝገብሩ ደቂ - ተባዕትዮን ደቂ - ኣንስትዮን ፍሪቡርግ**
Sarigai
Case postale 282, 1709 Fribourg
079 610 59 37, sarigai@sarigai.ch, www.sarigai.ch

[44] **ቤት ጽሕፈት ማሕበር ስድራ ቤት ፍሪቡርግ**
Association Office familial Fribourg
Verein Paar- und Familienberatung Freiburg
Avenue de la Gare 14, Case postale 1131, 1701 Fribourg
026 322 10 14, info@officefamilial.ch, www.officefamilial.ch

[45] **ኣገልግሎት ቆልዑትን መንእሰያትን**
Service de l’enfance et de la jeunesse SEJ
Jugendamt JA
Boulevard de Pérolles 24, Case postale 29, 1705 Fribourg
026 305 15 30, sej-ja@fr.ch, www.fr.ch/sej

[46] **ማእከል ኣማኸርቲ ቆልዑት፥ ደቅ – ተባዕትዮን ግዳያት ሓደጋ ተሸከርከርትን**

Centre de consultation LAVI pour enfants, hommes
et victimes de la circulation
Opferberatungsstelle für Kinder, Männer und Opfer von Verkehrsunfällen
Boulevard de Pérolles 18A, Case postale 29, 1705 Fribourg
026 305 15 80, LAVI-OHG@fr.ch, www.fr.ch/sej/lavi

**[47] ፍራቢና – ወኪል ኣማኸርቲ ንዝተፈላለየ ዜግነት ንዘለዎም ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ሰብ ሓዳር**
Frabina – Agence de consultation pour femmes et hommes
dans des relations binationales
Frabina – Beratungsstelle für Frauen und Männer in binationalen Beziehungen
Kapellenstrasse 24, 3011 Bern
031 381 27 01, info@frabina.ch, www.frabina.ch

**[48] ማሕበር ምትሕግጋዝ ደቂ-ኣንስትዮ – ማእከል (ላቪ LAVI) ደቂ-ኣንስትዮ ግዳይ ናይ ሓይልን ናይ ገበን ፍጻመ**
**(ላቪ LAVI) ሕጊ ሓገዝ ንግዳያት ደቂ-ኣንስትዮ ሕጊ ብምጥሓስ ንዝፍጸመለን ገበን ሓገዝ ዝህብ**
Association Solidarité Femmes – Centre LAVI pour femmes victimes
de violence et d’infraction pénale
Verein Frauenhaus – Opferberatungsstelle für Frauen als Opfer
von Gewalt und Straftaten
Case postale 1400, 1701 Fribourg
026 322 22 02 (መልሲ 24ሰ/24ሰ), info@sf-lavi.ch, www.sf-lavi.ch

**[49] ማሕበር ኤክስ – ፕረስዮን ፍሪቡርግ**
EX-pression – Organisme de prévention et d’aide aux auteur-e-s de violence
EX-pression – Hilfsorganisation für Gewalttäter, Gewalttäterinnen
und Gewaltprävention
Route de la Vignettaz 48, 1700 Fribourg
0848 08 08 08, info@ex-pression.ch, www.ex-pression.ch

**[50] ኣገልግሎት ስድራቤታዊ ትምህርቲ**
Education familiale
Familienbegleitung
Case postale 2, 1707 Fribourg
ፈረንሳ: 026 321 48 70, ኣልሞ: 026 322 86 33,
contact@educationfamiliale.ch, www.educationfamiliale.ch

**[51] ፌዴራሲዮን ፍሪቡርግ መዓልታዊ መጽንሒ ስድራቤት**

Fédération fribourgeoise d’accueil familial de jour
Verband Freiburgischer Tagesfamilien
Passage du Cardinal 12, 1700 Fribourg
federation@accueildejour.ch, www.accueildejour.ch > ቁ/ስልኪ በብንኡስ ዞባ ኣብ ሲት ኢንተርኔት ይርከብ።

**[52] ፌዴራሲዮን ፍሪቡርግ ተሓዝቲ ቆልዑትን መጽንሒ ቆልዑት ድሕሪ ትምህርቲ**

Fédération des crèches et garderies fribourgeoises
Freiburger Krippenverband
026 429 09 92, info@crechesfribourg.ch, www.crechesfribourg.ch

**[53] ካሪታስ**

Service de l’orientation professionnelle et de la formation des adultes SOPFA
Amt für Berufsberatung und Erwachsenenbildung BEA
Rue St-Pierre Canisius 12, 1700 Fribourg
026 305 41 86, sopfa@fr.ch, www.fr.ch/sopfa

**[54] a) ክፍሊ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ፡ ተሓጋገዝቲ ንስደተኛታት ቆልዑ መሰረታዊ ትምህርቲ፣ ንናይ ቋንቋ ትምህርቲ ከምኡ’ ውን ንመበቆላዊ ባህሊ ትምህርቲ**

Collaboratrice pédagogique pour la scolarisation des enfants de migrants et les cours de langue et culture d’origine
Route André Piller 21, 1762 Givisiez
026 305 46 15, senof@fr.ch, www.fr.ch/osso

**[54] b) ክፍሊ ተዛረብቲ ቋንቋ ኣልሞ፡ ተሓጋገዝቲ ንስደተኛታት ቆልዑ መሰረታዊ ትምህርቲ፣ ንናይ ቋንቋ ትምህርቲ ከምኡ’ ውን ንመበቆላዊ ባህሊ ትምህርቲ**

Pädagogische Beraterin für die Schulung fremdsprachiger Schülerinnen und Schüler (KG-PS-OS) und die Kurse in Heimatlicher Sprache und Kultur (HSK)
Schulinspektorat KG-PS Deutschfreiburg
Mariahilfstrasse 2, 1712 Tafers
026 305 40 88, doa@fr.ch, www.fr.ch/osso

[55] **ኣገልግሎት ሓገዝ ንትምህርትን ስልጠናን**
Service des subsides de formation SSF
Amt für Ausbildungsbeiträge ABBA
Rue St-Pierre Canisius 12, Case postale, 1701 Fribourg
026 305 12 51, bourses@fr.ch, www.fr.ch/ssf

[56] **ኣገልግሎት ናይ ባህሪያዊ ተፈጥሮ**
Service de l'environnement SEn
Amt für Umwelt AfU
Impasse de la Colline 4, 1762 Givisiez
026 305 37 60, sen@fr.ch, www.fr.ch/sen

[57] **ሬዞ ቤኔቮላ ኔትወርክ ፍሪቡርግ ፍራይቡርግ**
Réseau Bénévolat Netzwerk Fribourg – Freiburg RBN
Route Saint-Nicolas-de-Flüe 2, 1700 Fribourg
026 422 37 07, info@benevolat-fr.ch, www.benevolat-fr.ch

[58] **ዋና ዋና ፖለቲካዊ ኣካላት ኣብ ውሽጢ ፍሪቡርግ**

- **ፓርቲ ክርስቲያን ሶሲያል**
  Parti chrétien social PCS, www.csp-pcs.ch
  Christlichsoziale Partei CSP, www.csp-pcs.ch
- **ፓርቲ ዴሞክራት ክርስቲያን**
  Parti démocrate-chrétien PDC, www.pdc-fr.ch
  Christlichdemokratische Volkspartei CVP, www.pdc-fr.ch
- **ፓርቲ ሊበራል ራዲካል**
  Parti libéral-radical PLR, www.plrf.ch
  FDP. Die Liberalen FDP, www.plrf.ch
- **ፓርቲ ሶሲያሊስት**
  Parti socialiste PS, www.ps-fr.ch
  Sozialdemokratische Partei SP, www.ps-fr.ch
- **ፓርቲ ደ ለ ዩንዮ ዴሞክራት ዱ ሶንትር**
  Parti de l'Union démocratique du centre UDC, www.udc-fr.ch
  Schweizerische Volkspartei SVP, www.udc-fr.ch
- **ፓርቲ ሌ ቬር**
  Parti Les Verts, www.verts-fr.ch
  Die Grünen, www.verts-fr.ch
- **ፓርቲ ቬር ሊቤራል**
  Parti vert-libéral PVL, www.fr.vertsliberaux.ch
  Grünliberale Partei GLP, www.fr.vertsliberaux.ch

**ሕታም 2018**

ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን

Bureau de l’intégration des migrant-e-s

et de la prévention du racisme IMR

Grand-Rue 26, 1700 Fribourg

**ምስትኽኻል ኣቀማምጣ ጽሕፈት**

Agence Symbol, Châtel-St-Denis

**ስእሊ**

Adèle Dafflon, Fribourg

**ቤት ማሕተም**

Imprimerie Saint-Paul, Fribourg

**ምንጪ ኣብ ማእከል መጽሔት ዝርከብ ካርታ**

Office fédéral de la topographie, Berne

Office fédéral de la statistique : GEOSTAT,

Neuchâtel/Service de la statistique du canton de Fribourg

**ኣዚ መጽሔት ብዓሰርተ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተተርጒሙ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኢንተርኔት ይርከብ።**

www.fr.ch/imr

ነዚ መጽሄት ንኽነዳልው ዝሓገዙና

ETAT DE FRIBOURG
STAAT FREIBURG
WWW.FR.CH

PIC
PROGRAMME
D’INTÉGRATION CANTONAL
CANTON DE FRIBOURG

—

Imprimé sur papier 100% recyclé

Auf 100% umweltfreundlichem Papier gedruckt

**ቤት ጽሕፈት ምውህሃድ ናይ ስደተኛታትን ምክልኻል ቅድመ ኩነት ንዓሌትነትን**

Grand-Rue 26
1700 Fribourg
T: 026 305 14 85
integration@fr.ch

www.fr.ch/imr

EC 2999

